# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.95 | ቀዳም 20 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
ኣገደስቲ እንዶታት



ገጽ 4
ሰብ ናብ ሰቡ...



ገጽ 5
ምኽሪ ድሕሪ ሰሕታን



ገጽ 10



“ካብ ኣለም በቓኝ ከፍትሕም፡ ነቲ ሓለፌ ‘ሕረይ’...

ገጽ 11
ማእከል፡ሻምፕዮናስ፡ፐር ዲቪዥዮን ‘ኤ’ ሬሊሙ




## ሰ/ቀ/ባሕሪ - ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ዝዕቀን ለውጢ ንምምጻእ ክሰራሕ’ዩ

ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዘየደዶ ገምጋም ዓመት 2025፡ ኣብ’ቲ ዞባ ብበጽዋት ዝሀዱ ዘለዉ ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ዝዕቀን ለውጢ ምእንቲ ከምጽኡ፡ ህዝቢ ተጠቃሚታቱ ኣብ ዘዕበየሉም መደባት ብዝሓየለ ክሰራሕ ምዃኑ ተገሊጹ።



ኣብ’ቲ ብ16ን 17ን ታሕሳስ ዝተቓንየ ኣኼባ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ባጽዑ ጊንዳዕ ፎሮ፡ ኣፍዓበትን ሸዕብን ልዕሊ 30 ሽሕ ሜትር ኩቦ መአለዩ ውሕጅ ክጸገን ከሎ፣ ማይ-ክየታት ንምፍዋስ ብጠንኡስ ዞባኡ ኣድማዒ ስራሕ ከምእተዓመ በሪሁ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ሜትር ኩቦ ማይ እትሕዝ ዲጋ ‘ጸብራ’ 75 ሚእታዊት ከምዝበጽሐት፣ 150 ሜትር ኩቦ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘለዋ ዲጋ ‘ቀጢና’ - ምምሕዳር ከበቢ ማይ-ሓባር ድማ ተዛዚማ ንኣገልግሎት ድልውቲ ከምዘላ ክግለጽ ከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣስታት 55 ሓደስትን ምምሕያሽ ዘድልየንን ከዘንቲ ማይ ተለልየን ከምዘለዋ ተሓቢሩ።

ንመደባት ጥዕና ብዝምልከት፡ ኩታባት ነድሪ ጸላም ኩብዲ ከምእተኣታተወ፡ መልከፍቲ ዓሶ ብ28 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፣ ከምኡ’ውን ምስ ጉድለ ሓለየም ኣልበር ብምውህሃድ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ባጽዑ ናቕፋ፡ ጊንዳዕን ኣፍዓበትን ን767 ዜጋታት መጥባሕቲ ሓባላ ዓይኒ ከምእተገብረ ተገሊጹ።



ሰኣላይ ደምሳስ ጸጋይ

ኣብ መዳይ ትምህርቲ ድማ፡ መጠን ምሕላፍ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ብኣስታት 20 ሚእታዊት ከምዝዓበየ፣ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ብምስፋሕ ኣስታት 25 ሽሕ ህጻናት ናብ መኣዲ ትምህርቲ ንምቕራብ ከኣ፡ መሰርሕ ህንጻት ኣብያተ-ትምህርቲ ጸቡቕ ተጀማሚሩ ከምዘሎ፡ ኣብ’ቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ተሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘየደዎ ዘተ፡ ናይ መጕዓዝያ ጸገማት ዘፍታሕሉ መገዲ ክናደ፣ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝርከ ዘሎ ብኮላ መቓትኢ ክግበረሉ፣ ብርሰት ኣግራብ ንምግታእ ብወሀደት ክሰራሕ፣ ከምኡ’ውን ኣብ ምእካብ ኣታዊታት ስፖርት ዝርከ ድኻማት ክፍወስ ዝብል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ኣብ ዘስመዓቶ መዘዝሚ ቃል፡ ብምትሕብባር ህዝብን ኣካላት ሓይልታት ምክልኻልን ዝተዓደ ህንጻት ከዘንቲ ማይን ምዕቃብ ሓመድን ማይን ልዑል ኣተኩሮ ከወሃቦ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ብልዑል ወጻኢታት ዝሀደ ዘሎ ከዘንቲ ማይ ኣብ ዜጋታት ተዓቃቢ ወጽኢት ኣብ ዘምጽእ ዕማማት ክድፋኣሉ ተላብዩ።

## ደቀምሓረ - ንኣለይቲ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ን/ዞባ ደቀምሓረ፡ ብምውህሃድ ጨናፍር ሚኒስትሪ ጥዕናን ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልናን ዞባ ደቡብ፡ ካብ 8 ክሳብ 12 ታሕሳስ ንወለድን ኣለይትን ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ስልጠና ተውሂቡ።

ነቲ ስልጠና ዝሃበ ኣቦ-መንበር ጨንፈር ማሕበር ኣብ ዞባ ደቡብ ኣቶ ደሳለ ሓጎስ፡ ኣብ ምእላይ ስንኩላን፡ ሜላታት ምክንኻኖምን ኣመጋግባኦምን፡



ምንቅስቓስ ኣካላትን ክእለት ኣጠቓቕማ ዓይኒ ምድሪን ዝተኩረ መግለጺ ሂቡ።

ሜዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዶ/ር የሴፍ የማነ ብወገኑ፡ ኣብ ጠንቂን ሳዕቤናትን ነድሪ ጸላም ኩብዲን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስን ድሕሪ ዝሃቦ ጥዕናዊ ኣስተምህሮ፡ ሰባት ካብ ኣልኮላዊ መስተን ባህላዊ ፍወሳን ክቑጠቡ መኺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማነ ኣበራ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን እተገልግል ቤት-ትምህርቲ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምእትርከብ ብምጥቃስ፡ ዛጊት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዘይተጸንበሩ ስንኩላን ከምዝመሃሩ ንምግባር፡ ተበግሶ ወለዲ ክሕይል ተላብዩ።

ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር፡ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ንወለድን ኣለይትን ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን፡ ብ13 ታሕሳስ ኣብ ጸዕዳ ክርስትያን - ንኡስ ዞባ በረኽ ጥዕናዊ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

እቲ ብምውህሃድ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕናን ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዝተወደበ ን5 መዓልታት ዝቐጸለ ኣስተምህሮ፡



ኣብ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘሎ ኣፍልጦ ኩብ ንምባል፣ ከምኡ’ውን ክእለታት ምንቅስቓስን ጸወታን፡ ጽርየትን ድሕነትን ንምምዕባል ዝዓለመ ከምዝነበረ፡ ሓላፊ ጨንፈር ማሕበር ኣቶ ያሲን ኣሕመድ ሓቢሩ።

ኣብ ጨንፈር ጥዕና - ሓላፊ ኣሃዱ ሓብሬታን ኀሰሳን ኣቶ ሃብተ ጉብረመስቀል ብወገኑ፡ እቲ ኣስተምህሮ ንወለዲ ኣብ ምእላይን ምሕብሓብን ደቀም ክኽተልዎ ዝግባእ ሜላታት’ውን ዘስርጽ ከምዝነበረ ገሊጹ።

ኣደ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ወ/ሮ ይብራህኣለም የዕበዮ ድማ፡ ንኣገዳስነት ናይ’ቲ ኣስተምህሮ ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ቡብእዋኑ ንምውዳብ ከምዝሰራሓሉ ኣረጋጊጻ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ-ሰራዊት 37 ብ13 ታሕሳስ ንመባእታ ቤት-ትምህርቲ ወሁድ ትምህርቲ መደበር፡ ዓይነታዊ ሓገዝን ጸገና ክፍልታትን ዘጠቓልል ደገፍ ኣበርኪቶም።

**ዜና**

# ባረንቱ - ብሞያ ኣጋር ሓኪም ዝሰልጠኑ ተመረቕም



ኣብ ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ባረንቱ፡ ንሽድሽተ ኣዋርሕ ብሞያ ኣጋር ሓኪም ግብራውን ክልሰ-ሓሳባውን ትምህርቲ ዝቐሰሙ፡ ብ13 ታሕሳስ ተመረቕም።

ሰልጠንቲ ካብ ዞባታት ጋሽ-ባርካ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ደቡብን ማእከልን ዝመጹኡ 26 ኩይኖም፡ ካብ ትካላት ጥዕና ርሒቖም ንዝርከቡ ዜጋታት መሰረታዊ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ከቕርቡ ምዃኖም፡ ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ቶማስ ዘርእማርያም ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ፖሊሲ፡ ውጥንን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ዶ/ር ብርሃነ ደብሩ ብወገኑ፡ ኣብ'ዚ ብደረጃ ሃገር ሽፈነ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ውሽጢ 10 ኪሎሜትር ርሕቀት 80 ሚእታዊት በጺሑሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝነብሩ ዜጋታት መባእታዊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረኽቡ ዘይስገር ግዴታ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣቐዲሞም ብተመሳሳሊ ኣገባብ ዝሰልጠኑ 200 ኣጋር ሓካይም፡ ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ወኪል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ ብምምሕዳራት ተሓርዮም ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ሕጽረት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምቅላል ብናጻ ክሰልጥኑ ንዘተገበረ ጻዕሪ ተገዚቦም፡ ህዝብን መንግስትን ዘሰከምዎም ሓላፍነት ብብቕዓት ንምትግባር ብተወፋይነት ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ዝተረኽበ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ድማ፡ ብሉጽ ወጽኢት ንዘመዝገቡ ሰልጠንቲ ሽልማት ድሕሪ ምዕዳል ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ሰፍሓት ናይ'ቲ ዞባን ዝርግሐ ትካላት ጥዕናን ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ስልጠና ኣገዳሲነቱ ልዑል ከምዝኾነ ብምግላጽ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

# ኣፍዓበት - ንመምህራን ኣብ ባህልን ጥዕናን ዘተኩረ ስልጠና ተዋሂቡ





ኣብ ከተማ ኣፍዓበት፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበት፡ ናቕፋ፡ ቅሮራን ኣዶብሓን ንዝተዋጽኡ 122 መምህራን ኣብ ባህልን ጥዕናን ዘተኩረ ናይ ሓደ ሰሙን ስልጠና ተዋሂቡ።

እቲ ስልጠና፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ኣብ ፎሮን ግንዳዕን ዝተዋህበ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ኮይኑ፡ ኣብ ባህሊ - ኣፋውን ዝተሰነደን ደርፌታትን ግጥምታትን፡ ያታውን ዘመናውን ደርፍታትን መዚቃን፡ ድራማ፡ ዜማታትን ዓይነቱን፡ ኣብ ጥዕና ድማ ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ኣገባብ ምክልኻሎምን፡ ወልፈታትን ሳዕቤናቶምን፡ ከምኡ'ውን ጥዕናዊ ሳዕቤናት ማስተ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ሓላፊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ መሓመድ ዓብደላ ኣብ ዝሃቦ መዘኻኸሪ ቃል፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብግቡእ ኣብ መዓላ ብምውዓል ኣብ ተመሃሮን ሕብረተሰብን ክሰርጽዎ ተላቢዩ።

ብኻልእ ወገኑ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ ኣብ ሜላታት ኣመሃህራ ሕሳብን ቋንቋታት ትግርኛን እንግሊዝን ዘተኩረ ስልጠና፡ ንሓደስትን ነባራትን መምህራን መበኢታ ተዋሂቡ።

ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና ምፍዋስ ድኻሞት ምኽንያት ዘለዉ ተቐጻጻሪ ስሩዕምምህርና መምህር ምሕረትኣብ ሓድጉ፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ንዘለዉ ድኽመት ተመሃሮ ከምዝቃልል ኣረዲኡ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ መምህር ኢብራሂም ያቆብ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ዝወሰድ ዘሎ ስጉምቲ ምኽንያት ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ምስ ወሃሉል ተመኩሮታቶም ብምስናይ፡ ብቑዓት ተመሃሮ ንምፍራይ ኣብ ዝግበር ወፍሪ ቀላሲ ተራ ክጻወቱ ተላቢዩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰለሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284


# መንእሰያት ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ናብ ጥንታዊት ወደብ ኣዱሊስ ዑደት ኣካዪዶም

ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ፎሮ ምስ ቤት-ማሕበር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብምትሕብባር፡ ብ11 ታሕሳስ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ዝተሳተፍዎ ዑደት ናብ ጥንታዊት ወደብ ኣዱሊስ ወዲዶም።

ዑደተኛታት፡ ካብ 2011 ብዘተኻየደ መስርሕ ዳህሳስ ኩዕታን ዝተረኽበ ኣሰራት ጥንታዊ ህንጻታትን ቅርሲታትን ኣብ ዝተዓዘቡሉ፡ ጥንታዊት ወደብ ኣዱሊስ ማእከል ዘቤታውን ስግረ-ባሕራውን ንግዳዊ ንጥፈታት ምንባራ ዘርኢ ብርኽት ዝበለ ስራሓት ካይላ፡ ማዕድናዊ ገንዘብ፡ ጠራሙዝን ኣዕጽምትን ዘጠቓልል ርኽበታት፡ ኣብ ዞባውን ሃገራውን ኣብያተ-መዘክር ተዓቂቡ ምህላዉ ተገሊጹሎም።

ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ንኡስ ዞባ ፎሮ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ሰዒድ ዓሊን ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ዘርእዝጊ ሃማርያምን ንኡሮና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ዑደት፡ ጥንታዊት ወደብ ኣዱሊስ ኣካል ሃገራዊ መንነትናን ሃገራዊ ውርሻናን ስለዝኾነት፡ ሰራሕተኛታት ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብቐንዱ፡ ነቲ ብክልሰ-ሓሳብ ዝፈልጥዎ ታሪኽ ብግብሪ ክርእይዎን ክድህስስዎን ዝዓለመ ምዃኑ ኣብሪሆም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ብኣካል ዝተዓዘብዎን ብክኢላ ዝተዋህቦም መግለጺን ንዝጸንሖም መረዳእታ ከምዝሰፈሐ ብምጥቃስ፡ ጥንታዊ ኣሰራት ብግቡእ ክዕቀብ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ እጃሞም ከምዝበርክቱ ኣረጋጊጾም።

ኣብ ቤት-ማሕበር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዕቃብ ቅርሲታትን ምክትታል ታሪኻዊ ቦታታትን ዝሰርሕ ዘሎ ኣቶ ፍልማዊ ሙሴ ብግዲኡ፡ ኣብ ከርሲ ጥንታዊት ወደብ ኣዱሊስ ዝተረኽበን ብብዝሒ ዝርከብ ዘሎን ኣሰራት ኣገዳስነቱ ልዑል ስለዝኾነ፡ እቲ ብምምሕዳር ንኡስ ዞባ ፎሮ ዝተወሰደ ተበግሶ፡ ብኻልኦት ኣካላት ክስዓብ ተላቢዩ።

ጥንታዊት ወደብ ኣዱሊስ፡ ካብ ሓወሲ ከተማ ፎሮ ኣስታት 6 ኪሎሜትር ንሸንኽ ምብራቕ ተደኩና ትርከብ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቁልዑ |
| 10:10 | ዶክመንታሪ |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለስ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጩራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ መኣዘን ልምዓት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተከ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኰርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣገደስቲ እንዶታት 2
## ንዕዉት ጉዕዞ ትምህርቲ

*ተመሃሮ ዕዉታት ክኾኑ ዘዘውትሩዎ ልምድታት ኣሎዎም። ነዚ ልምድታት ብምጥቃም፡ ካልኦት ተመሃሮ ክዕወቱ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ብተኸታተሊ ዝቐርብ፡ ካብ ልምድታት ዕዉታት ተመሃሮ ተመርኲሱ ዝተኣከበ እንዶታት፡ ብዙሕ ክጥቀሙ ተስፋና እዩ። ንሎሚ'ውን ሊድያ ሰመረ ዘልኣኸትልና ጽሑፍ ገይርና ክንፍልሞ ኢና፣ ኣብ ዝመጽእ ናትኩም ተመኩሮ ክትልእኩልና ክንጽበ ኢና።*

ብዙሓት ተመሃሮ ብኣድህቦ ከጽንዑ ይጽገሙ እዮም። ኣብ ትምህርቲ ዕዉት ንኽትከውን ብኣቓልቦ ምጽናዕ ኣድላዪ'ዩ። እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ ግዜ መጽናዕቲ ንኣቓልቦኻ ብኸመይ ከተመሓይሾ ትኽእል ዝሕግዝ'ዩ፥

### 1. ኣብ ጽምው ዝበለ ቦታ ኴንካ ምጽናዕ

እንተ ተኻኢሉ ንመጽናዕቲ ጥራይ እተሓዝአ ቦታ ይሃሉኻ። ኣድህቦ፡ ምስትውዓል እዩ። ምስትውዓል ትገብሮ ዘበለ ምሉእ ኣፍልጦ ምሃብ እዩ። ኣእምሮና ዘመቓቕሎ ንኽረክብ ቀሊል'ዩ። ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ኣቓልቦና ዝሰርቑ እልቢ ዘይብሎም ንጥፈታት ኣለው። ንጥፈታት ገዲፍና፡ ኣብ ኣእምሮና ዝመጽኡ ሓሳባት'ውን ኣኺሎም ዝተርፉ እዮም። ኣብ ግዜ መጽናዕቲ ኩነ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ምሉእ ኣድህቦኻ ናብቲ ተጽንዮ ወይ ትምሃሮ ዘለኻ ክትመርሖ ምኽኣል ሓደ ካብ ዝዓበዩ ብልጫ ዕውታት ተመሃሮ እዩ። ኣድህቦኻ ናብ መጽናዕቲ ንኸተተኲር ዝሕግዝ ፍቱን ልምዲ፡ ኣብ ጽምው ዝበለ ቦታ ኴንካ ምጽናዕ እዩ። እዚ ናይ መጽናዕቲ ቦታ፥

- ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ክትጥቀመሉ እትኽእል፣

- ካብ ረበሻ (ኣብ መንጎ መጽናዕቲ ጣልቃ ኣትዮም ንስራሕካ ካብ ዘባኹሩ) ናጻ ዝኾነ ቦታ፣

- ዘድሊ ናውቲ ትምህርቲ ዘማልአ፣

- ጥጡሕ ኮፍ መበሊ ጣውላ ዘሎዎ፣

- እኹል ብርሃንን ምቹእ መጠን ምቈትን ዝርከቦ እንተ ኾነ ተመራጺ እዩ።

### 2. መዓስን እንታይን ክትገብር ከም ዝግባኣካ ዝሕብር ንጹር መደብ መጽናዕቲ ኣዳሉ

በቲ ዘውጻእካዮ መደብ ጥራይ ተመሪሕካ ግዜኻ ተጠቐመሉ። መደብ ምውጻእ ፍርቂ ዕማም እዩ። ኣበይ ከም ትበጽሕ ከይፈለጥካ ኣይትጓዓዝን ኢኻ። እንተ ተጓዓዝካ ከኣ እቲ መገዲ ናብ ዘብጽሓካ ኢኻ ክትበጽሕ። መገዲ ብዝመርሓካ ምኻድ፡ ናይ ሓደ ንቑሕ ሰብ ልምዲ ኣይኮነን። መደብ ምግባር ንህይወትካ ዕላማ ክህሉዋ'ዩ ዝሕግዝ። ተመሃራይ እንክለኻ ነቲ ናይ ህይወትካ ዝዓበየ መሰረት ኢኻ ብጥበብ ትሰርቶ ዘለኻ። ምስ ዓበኻ ህይወትካ ብዕላማን ትርጉምን ክጥምታን ክትከዳን ይሕግዝ። እዚ ዘለኻዮ እዋን 'ብመደብ ምምራሕ' ከም ልምዲ እንተ ኣጥረኻዮ፡ ነቲ ኣብ ጉዕዞ ትምህርቲኻ እትጓናጸፎ ዓወት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መጻኢ ህይወትካ ዘዐውቱኻ



ልምድታት'ውን ተጥሪ ኣለኻ።

### 3. ኣብቲ ዝበለጸ ከተጽንዓሉ እትኽእል ግዜ (ሰዓት) ናይ ሓደ መዓልቲ ጥራይ ኣጽንዕ

ገለ ተመሃሮ ኣንጊሆም ተንሲኦም ከጽንዑ እንክለዉ ዝበለጸ ውጺኢት ዘመዝግቡ ኣለዉ። ቀትሪ ኣጽኒዖም ዝዕወቱ'ውን ኣለዉ። ስለዚ ኣበየናይ እዋን ናይ መዓልቲ ብዝያዳ ብንቕሓትን ኣቓልቦን ከተጽንዕ ከም እትኽእል፡ ፈተነታትት ብምክያድ ፍለጥ። ብእተኻእለ መጠን ኣብቲ ግዜ'ቲ ጥራይ ኣጽንዕ።

### 4. ቅድሚ መጽናዕቲ ምጅማርካ ጥሜት ወይ ድኻም ከይህልወካ ኣረጋግጽ

ኣካላዊ ሓይሊኻ ኣብ ግዜ መጽናዕቲ ካብ ዝጸልዉኻ ረቛሒታት ሓደ'ዩ። መጽናዕቲ ልክዕ ከም ካልኦት ንጥፈታት ካብ ጸዓትካ ካሎሪታት ይወስድ። ድኻም ወይ ጥሜት ኣብ ዝስመዓካ እዋን፡ ብንቕሓት ንኽተጽንዕ ዘድልየካ ሓይሊ ስለ ዘይህሉወካ ንኽትጽንዕ ዕንቅፋት ይኾኑኻ። መዓልታዊ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር'ውን ብኣቓልቦ ንኽትጽንዕ ሓጋዚ'ዩ።

### 5. ክልተ እተፈላለዩ ስራሓት ኣብ ሓደ እዋን ክትሰርሖም ኣይትፈትን

ምኽንያቱ፡ ንኽልተኡ ኣብ ሓደ እዋን ብምሉእ ኣድህቦ ክትሰርሖ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ሓደ እዋን ንኽእልተ ንጉስ ክትእዘዝ ኣይከኣልን እዩ። በቲ ከተጽንዕ ክትደሊ፡ በቲ ኻኣ ካልእ ክትገብር ትደሊ እንተ ኼንካ ትመቓቐል ኣለኻ። እዚ ንኣድህቦኻ ይመቓቕሎ። ኣድህቦ፡ ዝገደፍካ ገዲፍካ ኣብ ሓደ ስራሕ ጥራይ ምጽማድ ማለት ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ስራሕ ኣድሂብካ ስራሕ።

### 6. ንሓደ ዓቢ ዕማም ብሓደ እዋን ክትውደኦ ኣይትፈትን

ንዕብይ ዝበለ ዕማም፡ ናብ ንእሽ-ንእሽ ዝበሉ ዕዮታት ምምቃል ሓጋዚ'ዩ። ሓደ ዕማም መጽናዕቲ ኣዝዩ ነውሕ ዝበለ ዝወስድ እንተ ኾይኑ፡ ቀስ እናበለ ከድክመካን ኣድህቦኻ ከጉድሎን ይኽእል። ምጡን ዕማም ኣብ ሕእደ እዋን ምስራዕ ኣድህቦኻ ብምልኣት ከተካውኖ ሓጋዚ'ዩ። ሓደ ድሕሪ ሓደ፡ ቀስ ብቐስ እናዓየኻ ክትውድኦ ትኽእል ኢኻ። ከምዚ እንተ ገይርካ፡ ነቲ ትሰርሖ ዘለኻ ስራሕ ብኣቓልቦን ጥንቃቐን ክትሰርሕ ከኽእለካ እዩ።

### 7. ኣእምሮኻ፡ ካብ ኣጨነቕቲ (ኣሻቐልቲ) ዝኾኑ ሓሳባት ናጻ ይኹን

ብኣቓልቦ ከተጽንዕ ቅሱን ኣእምሮ ክህሉወካ የድሊ። ብገዛእ ሓሳባትካ ካብ መጽናዕቲ ክትባኾር ስለ እትኽእል ንሓሳባትካ ተቘጻጸሮም። ኣብ ኣእምሮኻ ንዝተቐልቀሉ መባኾርቲ ሓሳባት ተታሒዝካ፡ ኣቓልቦኻ ከይተጥፍእ ጥንቃቐ ግበር። ኣእምሮ ካብቲ እንርዮ፡ ካብቲ እንሓስቦ ደረት ትርኢት ይሰፍሕ፣ ካብቲ ዝዓመቔ ክንበጽሖ እንኽእል ይዓሙቕ። ክሓስብ ንዝደሊ ብፈረስ ጋሊቦ ዘይበጽሖ ጉልጉል'ዩ ዘሎዎ። ግዳ ኣእምሮና'ውን ከምቲ እነለማምዶ'ዩ ዝኾነልና። ኣብ እተወሰነ ግዜ፡ ብዛዕባ እተፈልየ እንደልዮ ጥራይ ክንሓስብ ከነለማምዶ ንኽእል ኢና። ኵሉ ብሓደ መዓልቲ ኣይብጻሕን። ናብ ከምኡ ደረጃ ብሓደ ግዜ ዘይበጻሕኩ ክትብል ኣይከኣልን እዩ። ናብኡ ናይ ምብጻሕ ድሌትን ተበግሶን ጥራይ'ዩ ዘድሊ።

### 8. ፍትወት እቲ እተጽንዮ ዘለኻ ዓውደ ትምህርቲ ይሃሉኻ

እቲ እተጽንዮ ጹሑፍ ምስ ዕለታዊ መነባብሮኻ (ህይወትካ) እንተ ኣተኣሳሲርካዮ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዓውደ ትምህርቲ ዝያዳ ፍቕሪ (ተገዳስነት) ንኽህሉዉኻ ይሕግዝ። ኵሉ ዓይነት ትምህርቲ ትፈትዎ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ዝህሉወና ፍትወት ካብ ዓመት ናብ ዓመት ክቀያየር ይኽእል። ዓውደ-ትምህርቲ ክንፈትዎን ዘይክንፈትዎን ዝድርኹ ብዙሓት ምኽንያታት ኣለው። ዝኾነ ኾይኑ ግን ኵሎም ዓውደ-ትምህርቲታት ኣብ ዓወትና ኣገደስቲ እዮም። ብዝከኣለና ክንርድኦምን ክንፈትዎምን ምፍታን ኣገዳሲ'ዩ። እቲ ንኽጸልኦ ዝገብረና ዘሎ ምኽንያት ኣለሊና ክንፍውሶ የድሊ። ዝበዝሐ እዋን ዘጽልኣና ምኽንያት ንመምህር ናይታ ዓውደ-ትምህርቲ ስለ ዘይፈተናየ፡ ወይ'ውን ቀልጢፋ ስለ ዘይትርድኣና ክኸውን'ዩ ዝኽእል። እዚ ከም ምኽንያት መጽሊኢና ክኸውን ይግብኦ ድዩ?

### 9. ኣብ ሞንጎ መጽናዕቲ ዕረፍቲ ውሰድ

ከምቲ ኣቐዲሙ እተጻሕፈ፡ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ኣብ መጽናዕቲ ምጽማድ ድኻም ስለ ዘስዕብ፡ ድኻምካ ኸኣ ኣቓልቦኻ ስለ ዘጥፍእ፡ ድሕሪ እተወሰነ ግዜ መጽናዕቲ ሓጺር ናይ ዕረፍቲ ግዜ ውሰድ። እትወስዶ ዕረፍቲ ካብን ናብን እተጽንዮ ዘለኻ ዓውደ-ትምህርቲ ክፈላለ ዝኽእል'ኳ እንተ ኾነ፡ ብገምጋም ግን ድሕሪ ናይ ሓደ ሰዓት መጽናዕቲ ካብ ዓሰርተ ክሳዕ ዓሰርተ ሓሙሽተ ደቒቕ ዕረፍቲ ክትወስድ ይምከር።

ሊድያ ሰመረ

---



ኣነ ፍራንክ
(1963-1902)

## በለት...

**"እቲ ኣዝዩ ዝበለጸ ነገር፡ ነዚ ዓለም ንኽንልውጣ ሓንቲ ደቒቕ'ውን ትኹን ዘጸናጉ መኽንያት ዘይብልና መኺኑ'ዩ።"**

ብሓቂ ዓለም ክንልውጥ ናይ ውልቅና ሓለፍነት ኣሎና ድዩ?

ንዓለም ምልዋጥ ከመይ ኢሉ ሓለፍነት ናተይን ናትካን ይኸውን ክገርም ይኽእል'ዩ፣ ምኽንያቱ ከምዚ ካብ ባሕሪ ብኹባያ ማይ እናቐዳሕካ ምግልባጥ ኩይኑ ይስምዓና ይኸውን እዩ። ከምኡ እንተ ተሰመዓና'ውን ዘኽፍእ ኣይኮነን። ምናልባት ንኹሉ ሰብ ከምኡ ይስመዮ ይኸውን'ዩ። ግን ከኣ ሓቂ'ዩ፣ ነፍሲ ወከፍና ነናትና ሓላፍነት ኣሎና።

ውሽጢ ገዛኻ እንተ ዘይጸረየ ከባቢኻ ጸርዩ እንታይ ይጠቕመካ? ንስኻ እንተ ዘይለወጥካኸ ኣብ ዙርያኻ ንዝህሉው ሰብ ብኸመይ ክትጸልዎም ትኽእል? ንኸባቢኻ ከይጸለኻኸ ከመይ ኢልካ ኢኻ ንዓለም ትቕይር? መጀመርታ ስጉምቲ ንዓለም ምቕያር እምበኣር ገዛእ ርእስና ንምቕያር ኣብ እንወዶ ስጉምቲ እዩ።

ማክዳ ትንሱእ - ማይነፍሒ

---

### ዳእላ ተመሃሮ



Teacher: Makda, how you spell 'crocodile?'
Makda: k-r-o-k-o-d-i-a-l.
Teacher: No, that is wrong
Makda: Maybe it is wrong, but you asked me how I spell it.

***

Teacher: Maria, go to the map and find North America?
Maria: Here it is.
Teacher: correct. Now class who discovered America?
Class: Maria.

ሜሪ ማና

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ሰብ ናብ ሰቡ ... ተረፍ ምህርቲ ተኽሊ ናብ ሓመዱ

ተመስገን ገብረመስቀል

እታ ንመጀመርታ ግዜ ብዛዕባ 'ፍልሰት ማዕድናት ሓመድ' (Soil nutrient migration) ዝሰማዕኩላ መዓልቲ ጽቡቕ ገይረ'የ ዝዝክራ። ብዙሕ ግዜ ፍልሰት ደቂ-ሰብን እንስሳታትን ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ፡ ከም ኣርእስቲ ክዝረበሉ ንሰምዕ ኢና። ብፍላይ ፍልሰት ደቂ-ሰብ ካብ ገጠር ንኸተማ ኣዝዩ ግኑን ዛዕባ እዩ። ብዙሕ ግምትን ኣድህቦን ተዋሂብዎ ዘይዝረበሉ ግና ፍልሰት ማዕድናት ሓመድ ካብ ገጠር ንኸተማ እዩ። ክኢላታት ሕርሻን ሓመድን ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እኹል መረዳእታን ግንዛበን ኣለዎም ዝብል እምነት ኣሎኒ። ንሳቶም ንፍልሰት ማዕድናት ሓመድ ብብዙሕ ስነ-ፍልጠታዊ መገድታትን ደረጃታት ዕምቈትን ክገልጽዎ ከም ዝኽእሉ ርዱእ'ዩ። ካብ ክኢላታት ሕርሻ፡ ሓረስቶት ሃገርና ብዕጽፍታት ስለ ዝበዝሑ ግዳ፡ ኣብኦምን ኣብ ካልእ ሓፋሽ ህዝብን ዝሓሸ መረዳእታ ፍልሰት ማዕድናት ሓመድ ምስ ዝህሉ ዕማም ክኢላታት ክቃለል ይኽእል'ዩ ካብ ዝብል ሓሳብ ነዚ ጽሑፍ ከቕርብ ተበግሶ ወሲደ።

መጽናዕትታት ከም ዝገልጽዎ፡ ናይ መወዳእታ መዓልቦ ናይ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ፍርያት ሕርሻ ኣብ ከተማታት'ዩ። ንኣብነት እኽሊ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ገጠራት ሃገርና ፈርዩ ንመሸጣ ናብ ከተማታት ይጓረት። ጤለ-በጊዕን ከብትን ኣብ መጋሃጫታትን በረኻታትን ተጓሲየን፡ ንመሸጣ ናብ ከተማታት ይለኣኻ። ከምኒ ጸባ፡ መዓር፡ እንቋቑሖ ዝኣመሰሉ ውጽኢት ሃብቲ እንስሳ'ውን ብተመሳሳሊ ናብ ዕዳጋታት ከተማ ይቐርቡ። እዚ ኣብ ኩሉ ዓለም ተመሳሳሊ ንጥፈት እዩ። ኣብ ማሕበራዊ ገጻት ናይ ሓደ 'ኢንስቲትዩት ዓለማዊ ጸጋታት' (World Resources Institute) ዝተባህለ ትካል መጽናዕትን ምርምርን ተገሊጹ ዝርከብ ሓበሬታ ከም ዘነጽሮ ድማ ኣስታት 40 ሚእታዊት ካብ ፍርያት ሕርሻ ኣብ ከተማታት ብዘይረብሓ ይጕሓፍ።

ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝርከብ ብዙሕ ህዝቢ፡ ወትሩ ናብቲ 'ምዕቡል' ኢሉ ዝሓስቦ ምዕራባዊ ዓለም ክኸይድ ይሕልን። ናቱ ምኽድ ከይኣክል፡ ናይቲ ንሱ ዘፍረዮ ሕርሻዊ እቶት መዓልቦ'ውን ኣብኡ ክኾነሉ'ዩ ዝጽዕር። እዚ ማለት ድማ ሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ሕርሻዊ እቶት'ውን ካብ ገጠር ንኸተማ ወይ ካብ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ናብ ዝማዕበላ ይግዕዝ ኣሎ ማለት'ዩ። እቲ ዘገርም ግና ካብቲ ኣብ ከተማታት ዝበጽሐ ሕርሻዊ እቶት፡ ልዕሊ ፍርቂ ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣተዓቛቕባን ብሸለልትነትን 'ንመግቢ ሰብ ይኹን እንስሳ ክበቅዕ ኣይክእልን' ተባሂሉ፡ ከም ጕሓፍ ኵይኑ ዝድርበ ምኳኑ እዩ። ኣብ ተመሳሳሊ ማሕበራዊ ገጽ ናይ'ቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ኢንስቲትዩት ዓለማዊ ጸጋታት፡ 70 ሚእታዊት ናይ'ቲ ኣብ መላእ ንግስነት ዓባይ ብሪጣንያ ካብ መንበሪ ኣባይቲ ዝእከብ ተርፍ መግቢ ጕሓፍ ምኳኑ ይንገር።

ምንጪ መግቢ ደቂ-ሰብ ካብ ኣትክልቲ ወይ ኣትክልቲ ካብ ዝምገቡ እንስሳታት'ዩ። ኣትክልቲ ድማ ማዕድናት ካብ ሓመድ እናወሰዱ ይዓብዩን ይፈሪዩን። ሓረስታይ ሓምሊ ይዘርእ፡ እቲ ሓምሊ ዘድልዮ ማዕድናት ካብ ሓመድ እናወሰደ ይዓቢ። ምስ ኣኸለ ሒዝዎ ንመሸጣ ንኸተማታት ይኸይድ። እቲ ዝሸየጥ ዘሎ ኣሕምልቲ ካብ'ታ ግራት ዝተወሰነ ማዕድናት ሒዙ ይኸይድ፣ ምስ ግዜ ድማ ማዕድናዊ ትሕዝቶ ናይ'ታ ቃጽያ፡ በቲ ዝዝርኡ ኣትክልቲ እናተመጽየ ይውዳእ። እቲ ሓረስታይ ድማ 'ግራት ደኺማትኒ' ይብል። ግራት ክትደኪ ዝገበራ ግና ብመልክዕ ሕርሻዊ እቶት ናብ ከተማ ፈሊሱ ዘይተመልሰ ማዕድናት እዩ። እታ ግራት ኣብ ቦትኣ ኣላ፡ እቲ ሓመድ እውን ኣብኣ ኣሎ፡ ግና ማዕድናዊ ትሕዝቶ ዘይብሉ ወይ ዝወሓዶ ድኹም ሓመድ!

ጻዕራማት ሓረስቶት ንድኻ ሓመድ ዝኸውን ፍታሕ ኣሎዎም። ድኾዒ፡ ምድኳዕ መሰረታዊ ፍታሕ ንድኽመት ሓመድ ክኸውን እንከሎ፡ ከሚካዊ መኻዕበቲ እቶት'ውን ከም ኣማራጺ ይውሰድ'ዩ። ይኹን'ምበር ምድኳዕን ምጥቃምን ከሚካዊ መኻዕበቲ እቶትን ክልተ ተጻረርቲ'ዮም። ምኽንያቱ፡ ማዕድናዊ ድኽነት ሓመድ ፍልሰት ማዕድናት ምኳኑ ኣብ ላዕሊ ገሊጽናዮ ኣሎና። ንምርዳእ ክጥዕመና፡ ሓደ ፋልማዩ ዝተሓርሰ ግራት (በዱ) ኣብ መጀመርታ ዝህቦ እቶትን ምስ ግዜ ዝህቦ እቶትን ከነወዳድር ንኽእል። ሓንቲ ተኽሊ ክትዓቢ እንከላ ካብ ሓመድ ናይትሮጅን፡ ፖታስዩምን ፎስፎረስን ጥራይ ኣይኮነትን ትወስድ። ዋላ ደኣ እዚኦም እቶም ቀንዲ ይኹኑ እምበር ካልኦት ማዕድናት'ውን ማዕሪኦም የድልዩዋ እዮም። መብዛሕትኡ ከሚካዊ መኻዕበቲ እቶት፡ ሓረስታይ ብግቡእ ምስ ዝጥቀመሉ ጥራይ'ዩ ሕጽረት ናይ'ዞም ማዕድናት ዝትክእ። ብኣንጻሩ ምድኳዕ ንኹሎም እቶም ዘድልዩ ማዕድናት ካብ ምትካእ ሓሊፉ፡ ኣቃውማ ሓመድ ናብ ንቡር ይመልስ፣ ጠቓምቲ ታህዋስያን ኣብ ሓመድ የሰስን፣ ጠሊ ሓመድ ይዕቅብን ሓመድ እኹል ኣየር ንኽኣትዎ የኽእልን።

ድኾዒ ንምድላው ተረፍ-መረፍ ሳዕሪ ይኹን ካልእ ኣትክልቲ፡ ዒባ፡ ዓኾርን ከምኡ ዝኣመሰለን ምእካብ የድሊ። ገሊኦም ካብ'ዚኣቶም ድማ ካብ ናብ ድኾዒ ምውዓል ንላዕሊ ዘገድስ ዕማም'ዩ ዝጽበዮም። ንኣብነት ዒባ ተጎድጉዱ ሰድራ ዘድርር ቅጫን ጣይታን የሰንክትን ጥዕምቲ ጸብሒ ደርሆ የስርሕን። ስለዚ ኣብ ጉዳይ ዒባ ሰብኣይን ሰበይትን ስጋይ ስጋኺ ክበሃሃሉ ይግደዱ። ነዝን ካልእን ደሚርካን ኣጕዲልካን፡ ኣብ ገጠራት መዳለዊ ድኾዒ ዝኸውን ጥረ ነገራት ክርከብ ኣሸጋሪ ይኸውን። ናብ ከተማ ምስ እንመጽእ ከኣ ብኣንጻሩ ነፍሲ-ወከፍ ሰድራ መኣከቢ ጕሓፉ ብተረፍ መረፍ መግብን ቀራፍ ፍሩታታትን ቀቀልጢፋ እናመልአት ንምጕሓፉ ትጽገም። ኣብ ገገዛና ዘሎ ጕሓፍ ከነስተብህለሉ እንተ ጀሚርና፡ ከየጋንንና፡ ሰለስተ ሲሶ ካብኡ ድኾዒ ክኸውን ዝኽእል እዩ። እዚ ብመንጽር ሓንቲ ሰድራ እንተ ኾይኑ፡ ብደረጃ ከተማ፡ ካብኡ ሓሊፍና እውን ብደረጃ ሃገር እንተ ገሚትናዮ መጠኑ ማዕረ ክንደይ ዓቢ ምኳኑ ክንርዳእ ንኽእል። ቀጺልና እንሓስቦ እምበኣር እዚ ብፍልሰት ካብ ግራት ናብ ከተማ ዝገዓዘ ማዕድናት፡ ናብ'ቲ ንቡር ቦታኡ ተመሊሱ ማዕድናዊ ድኽነት ሓመድ እንተ ዘወግድ ሓረስታይና ማዕረ ክንደይ መስተርሆት ምረኸበ! ህዝብና ኸኣ ካብ ከሚካዊ መኻዕበቲ እቶት ናጻ ዝኾነ ምህርቲ ሕርሻ እናተመገበ ኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን ዝጸንሕዎ ጥዕና ዝመልኦ መዋእል ምጸንሐ።

እሞ እንታይ ንግበርዶ በልኩም? ሚኒስትሪ ሕርሻ "ጕሓፍና'ውን ጸጋና'ዩ" ኢሉ፡ ነቲ ብፍልሰት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ግዒዙ ከም ጕሓፍ ዝሕሰብ ዘሎ፡ ኣብ ኣትክልትን ካልእ ሕርሻዊ ፍርያትን ተጸይሩ ዘሎ ማዕድናት ሓመድ፡ ናብ መበቈሉ ንኽምለሶ ጽዒቱ ተበጊሱ ኣሎ። እዚ ተልእኾ ዕዉት ንክኸውን ድማ ንጡፍ ተሳትፎ ናይ ኩሉ ዜጋ የድሊ። በዚ ኣጋጣሚ፡ "ሰብ ናብ ሰቡ ... ተረፍ ተኽሊ ናብ ሓመዱ" ንብል!

***



## መኣዛ ፍረ ጻዕሪ

## መረቕ ኣሕምልቲ፡ ኣእካልን ጥረታትን

### ዝተጠቐምናሎም ጥረ ነገራትን ዓቐንን

- ብማይ ዝበሰለ ዕፉን - 200 ግራም
- ብማይ ዝበሰለ ኣዳጉራ - 200 ግራም
- 2 ማእከላይ ዓቐን ዘሎዎ ወይ 150 ግራም ሽጉርቲ
- 2 ማእከላይ ዓቐን ዘሎዎ ወይ 200 ግራም ካሮት
- ዝኩኒ - 200 ግራም
- ስፒናቺ - ፍርቂ ኪሎ
- ዝተጣሕነ ሰምሰም - 100 ግራም
- ዘይቲ - 3 ማንካ ጣውላ
- ሽጉርቲ ጻዕዳ - 1 ማንካ ጣውላ
- ሰዴኖ ፐርሰሜሎ 1 ማንካ ጣውላ
- በርበረ ጸሊም - ፍርቂ ማንካ ጣውላ
- ጥሉል ጅንጅብል



ኣዳላዊት ኣስመረት ዳዋር

### ኣገባብ ኣሰራርሓ

መጀመርታ ሽጉርቲ፡ ካሮት፡ ሽጉርቲ ጻዕዳ፡ ፐርሰሜሎ ሓዋዊስና ብማይ ነብስሎ። ቀጺልና፡ ዝበሰለ ዕፉን፡ ኣዳጉራ፡ ዝተጣሕነ ሰምሰም፡ ስፒናቺ ኣእቲና፣ ስፒናቺ ኣጸቢቑ ክይበሰለ በርበረ ጸሊም፡ ዘይቲ፡ ጨዉ ኣእቲና ንጥሕኖ። ኣጸቢቑ ምስ ተወሃሃደ፡ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ ሸሓኒ (መመገቢ ናይ መረቕ )ገልቢጥና ብዉዕዩ ንምገቦ። እዚ ን 6 ዝኣባላታ ስድራቤት ይምግበልና።

### ዝውንኖ መኣዛዊ ትሕዝቶ፡

መረቕ ኣሕምልቲ፡ ኣእካልን ጥረታትን፡ ፍኹስ ዝበለ መጠን ሓይሊ ይህበና ብምኳኑ፡ ንሚዛን ኣካላት ክቕንሱ ወይ ድማ ፍኹስ ዝበለ ድራር ክወስዱ ንዝደልዩ ሰባት፡ ጠቓሚ እዩ። እዚ መግቢ፡ ቪታሚን ዝበዝሐ ምኳኑ ንምሕቓቕ ከቢድና ዝጸንሐ መግብታት'ውን ይጠቕመና። መብዛሕትኡ ግዜ ከም ሰላጣ ዘሎዎ መግቢ፡ ድሕሪ መኣዲ ኢና ንምግቦም። ቅድሚ መኣዲ እንተተመገብናዮም'ውን ጽቡቕ ልምዲ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ንሸውሃት ምኽፋት ኣገዳሲ ትሕዝቶ ሒዙ ስለዝርከብ።



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት- ፋጥማ እስማዒል/ ሶፍያ ፍቓዱ)

ሽባብ

ሃማመተኤ

# ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለው። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ. 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጳስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ምኽሪ ድሕሪ ስሕታን



ደዋሊ፥ ሄለው፡ ከመይ ውዒልኩም?

ኣማኻሪ፥ ጽቡቕ፡ መን ክብል?

ደዋሊ፥ ኣነ ሓድጉ እብሃል።

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ሓድጉ፡ እንታይ ክእዘዘካ?

ደዋሊ፥ ኣነ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 4 ውሉዳትን'የ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግና፡ ካብ ቃልኪዳነይ ወጻኢ፡ ምስ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ተጋግየ፡ ርክብ ፈጺመ።

ኣማኻሪ፥ ዝፈጸምካዮ ርክብ መዓስን ብኸመይን እዩ ነይሩ?

ደዋሊ፥ ኣስታት 6 ኣዋርሕ ይገብር፡ ምስ ኣዕሩኽተይ ክንሰቲ ኣምሲና። ኣብኡ ግና ቅድሚ መርዓይ ዕሙቕ ዝበለ ሌላ ዝነበረና፡ መማህርተይ ጸኒሓትኒ። ናይ ቀደም ሰብ እናተበሃሃልና ድማ ዕላል ጀሚርና። ኣዕሩኽተይ ኰነታትና ተዓዚቦም ቦታ ሓዲገሙልና ከይዶም። ኣነ፡ ቃልኪዳን ዘኽብርን ብዓልቲቤተይ ከይትረኽበለይ በሃልን ስለ ዝነበርኩ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ከቢድ ጌጋ ክወድቕ ፍጹም ሓሳብ ኣይነበረንን። እንተኾነ፡ መስተ እናበዝሐ ምስ ከደ፡ ሙዚቃ ተጠሊቡ፡ ሳዕስዒት ስዒቡ፡ ፈንጠዝያ'ዩ ነይሩ። እዚ ንነዊሕ ሰዓታት ምስ ቀጸለ፡ መማህርተይ፡ "መሰዩ'ዩ ንኺድ ንደቅስ፡ ኣነ ከኣ ብሰራሕ ናብዚ ቦታ ስለ ዝመጻእኩ፡ ምሕዳረይ ምሳኻ እዩ፡" ክትብለኒ ይዝከረኒ። ኣነ ከኣ፡ "ብዓል ሓዳር'የ፡ ገዛ ክወስደኒ ኣይክእልን እየ፡" ብምባል ክምልሰላ'ውን ቀቀሩብ ይዝከረኒ። ብድሕሪኡ ግና ብኸመይ ኢና ናብ ሆቴል ኣቲና፡ ብሓደ ሓዲርና ዘዝክሮ የብለይን።

ኣማኻሪ፥ መስተ ምስታይ ማዕረ ክንድ'ዚ ትብሎ ዘለኻ ሃለዋትካ ኣጥፊኡ፡ እትገብሮ ዘየፍልጥ እዩ ክብሃል ዝክኣል ድዩ?

ደዋሊ፥ ኣንታ ሽዑ እንታይ'ዩ ሒዙኒ ነይሩ ክርድኣኒ ኣይከኣለን። ዝግበር ግና ኣይነበረን። ተጣዒስካ ዘይምለስ ኮይኑኒ ኣሎ።

ኣማኻሪ፥ እታ ምሳኻ ዝሓደረት ጓል ሰብከ እንታይ ትብል?

ደዋሊ፥ ኣንታ ኣነ'ምበር ንሳስ ዝዓጠጣ ኣይትመስልን። ኣብ ከቢድ ድቃስ ተዋሒጣ፡ ከም ኣብ ገዛኣን ኣብ ሑቑፊ ሰብኣያን ዘላ ክትመስል ኣስተርሕያ'ያ ኣዕሪፋ ነይራ።

ኣማኻሪ፥ ሕጂ ክትሓተሉ ደሊካ ዘለኻ ነጥቢ እንታይ'ዩ?

ደዋሊ፥ ሕጂ ዘየቕስን መጺኡኒ ኣሎ። ምሳይ ርክብ ዝፈጸመት መማህርተይ ጠኒሰ ብምባል ደዊላትለይ ከይኣክል፡ ብዓልቲቤተይ ከለፍ ከለፍ ጀሚራ ኣላ። ኣብ ሓደ እዋንን ተመሳሳሊ ሰዓትን ዘጋጥም ዘሎ ጸቕጢ ኮይኑ፡ ኣብ ፍጹም ስምባደ ኣእትዩኒ ይርከብ።

ኣማኻሪ፥ እንታይ እዩ ዘሰምብደካ ዘሎ?

ደዋሊ፥ ብዘይ መደበይን ከይሓሰብኩሉን ዝተፈጸመ ርክብ፡ ጥንሲ ምግጣሙ'ዩ።

ኣማኻሪ፥ ምስ እኽልቲ ጓል ኣንስተይቲ ብዘይ መከላኸሊ ርክብ ምፍጻምካ እዚ ከምጽእ ከም ዝኽእል ኣይትርዳእን ዲኻ?

ደዋሊ፥ ንሱስ ሓቅኻ ኢኻ።

ኣማኻሪ፥ ብዝኾነ፡ ምጥናሳ እንታይ ሸግር ስለ ዘምጽኣልካ'ዩ ዘሰንብደካ ዘሎ?

ደዋሊ፥ ብዓልቲቤተይ ከይትሰምዖ'ሞ፡ ኣብ ሓዳረይ ጸገም ከይፈጥረለይ።

ኣማኻሪ፥ ብዓልቲቤትካ ብኸመይ ክትሰምዖ ትኽእል ኢልካ ትሓስብ?

ደዋሊ፥ እዛ ጠኒሰ ትብለኒ ዘላ ጓል ክትነግራ ትኽእልዶ ትኸውን?

ኣማኻሪ፥ እታ ዝተራኸብኩሙላ ባር ንስኻን ኣዕሩኽትኻን ጥራሕ ዲኹም ትኣትዉዋ?

ደዋሊ፥ ከምኡ ድኣ ከመይ ኢሉ ክኸውን፡ ግና ሰላም ዝበለኒ ፈላጢ ኣይነበረን።

ኣማኻሪ፥ ሓድጉ፡ ሕጂስ ብዓልቲቤትካ ንኸይትፈልጥ ትከላኸል ዘለኻዶ መሲልካ። ኩሉ እንተታት ከም ዘይነበረን ከም ድላይካን ክትገብሮ ትጽዕር ዘለኻ ትመስል። ጌጋኻ ምእማን ልቦናዶ ኣይኮነን።

ደዋሊ፥ ንሱ ድኣ ሓቅኻ። ግና ሓቂ እየ ዝነግረካ ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ዝፈልጡኻ ሰባት፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ቈልዑን ምስ ዘይፈልጡዋ ጓል ኣብ ባር ረኺቦም ሰላም ክብሉኻ ምጽባይ ሚዛናዊዶ ይመስለካ? ብተወሳኺ፡ ኣብ ሆቴል ኢኻ እዚ ተግባር ፈጺምካዮ። ስምካ ኣብ መዝገብ ሆቴል ኣሎ። ንኽትሕባእ ዝሕግዝዶ ይመስለካ?

ደዋሊ፥ ኣንታ ኣነ ናይ ሕጊ ኣፍልጦ የብለይን። ብዓልቲቤተይ ከይትፈልጥ'ሞ ኣብ ሸግር ከይኣቱ ጥራሕ'የ ዝሓስብ ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ "ከይኮነ ወግን ከይተሰብረ ጸግን፡" ተባሂሉ ከም ዝምሰል፡ ብገናኡ ከይመጽኣኒ ዘይበልካ፡ ሕጂ ኣብ ጥፉእ ምዝራብ ፋይዳ ዘለዎዶ ይመስለካ?

ደዋሊ፥ ሓቂ ይሓይሽ፡ ኣቐዲመ'ኳ ኣይሓሰብኩሉን። ንነገራት ቅድሚ ምፍጻመይ ሳዕቤኖም ምምርማር ልቦና'ዩ። ሕጂ ግና ዝበኣሰ ሸግር ኣብ ሓዳረይ ከይመጽኣኒ ፈሪሐ ኣለኹ።

ኣማኻሪ፥ ናብ ገዛኻ ብሕጂ ሸግር ከይመጽኣካ ኢኻ ትሓስብ ዘለኻ። እቲ ሸግር ግና መጀመርታ መዓልቲ ካብ ገዛኻ ወጺእካ፡ ምስ ካልእ ጓል ኣንስተይቲ ምስ ሓደርካ'ዩ ኣትዩ። ብሕጂ ንዝመጽእ ሸግር ካብ እትሓስብ፡ ዝፈጸምካዮ ግጉይ ተግባር ተኣሚንካ፡ ብምእራም፡ ከም ሳዕቤን ንዝመጽኣካ ፍጻሜ፡ ምቕባልዶ ኣይሓይሽን?

ደዋሊ፥ እስከ፡ በዚ ዝፈጸምክዎ ጌጋ፡ እንታይ ክመጽኣኒ ይኽእል ይኸውን?

ኣማኻሪ፥ ዝሙት ክብሃል ኣይሰማዕካን ዲኻ?

ደዋሊ፥ ከመይን ብኸመይን ድኣ ኣይፈልጦን'ምበር፡ ብሓፈሻ ብባህልን እምነትን ዘሕትት ምኻኑ ድኣ እፈልጥ'የ። ሕጊ እንታይ ከም ዝብል ከኣ ካባኻ ክሰምዖ ምደለኹ።

ኣማኻሪ፥ ዝሙት ከምቲ ኣቐዲምና ክንገልጾ ዝጸናሕና፡ ብቃልኪዳን ተኣሲርካ ከለኻ፡ ካብ መጻምድትኻ ወጻኢ፡ ምስ ካልኦት ስጋዊ ርክብ ምፍጻም ማለት ኮይኑ፡ ብባህልን እምነትን ነውሪ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ብገበናዊ ሕጊ ዘቕጽዕ'ዩ።

ደዋሊ፥ ከም ዘቕጽዕሲ ነጊርካኒ፡ እቲ መቕጻዕቲ እንታይ ይኸውን?

ኣማኻሪ፥ ዝሙት ሓደ ካብቶም ገበናት ኣንጻር ስድራቤት ተባሂሎም ዝተገለጹ ኮይኑ፡ ካብ 10 መዓልቲ ክሳዕ 3 ዓመታት ማእሰርቲ ወይ'ውን ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ዝበጽሕ ገንዘብ ከቕጽዕ ይኽእል'ዩ።

ደዋሊ፥ ክልተኡ ድዩ ወይስ ብሓደኡ?

ኣማኻሪ፥ ከከም ኵነታቱ ኮይኑ፡ እቲ ዓንቀጽ ግና ወይ ብምባል ስለ ዝገልጾ፡ ብሓደኡ ክኸውን ዝኽእል።

ደዋሊ፥ መን'ዩ ዝውስኖ?

ኣማኻሪ፥ ብመጀመርታ፡ ብዓልቲቤትካ ነዚ ምስ ሰምዓቶ፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ናብ ፖሊስ ክሲ ትምስርት።

ደዋሊ፥ ይቕሬታ ቈሪጸካ'ምበር፡ ብዘይካ ብዓልቲቤተይ ካልእ ክኸሰስ ዝኽእል ሰብ የለን ማለት ድዩ? ከምቲ ዝነገርኩኻ ከኣ ሰለስተ ኣዋርሕ ሓሊፉ ሽዱሽተ ገይሩ ኣሎ'ሞ ክትከሰኒ ኣይትኽእል እያ ማለት ድዩ?

ኣማኻሪ፥ ዝሙት ሓደ ካብቶም በደላት ተባሂሎም ናይ ውልቀሰብ ዝሕሰቡ ገበናት ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ምርጫ ብዓልቲቤትካ'ዩ። ኣብ ክንዲኣ ኮይኑ ክኸሰካ ዝኽእል ወይ ከምቶም ካልኦት ገበናት ክፍጸም ዝርኣየ ክኸሰካ ዝኽእል ኣይኮነን። ሰለስተ ወርሒ ዝበልክዎ ድማ ካብ ዝተፈጸመሉ ዘይኮነ ካብ ዝሰምዓትሉ'ዩ።

ደዋሊ፥ ብዘይካ ብዓልቲቤተይ ዝኸሰኒ እንተ ዘይሃልዩ ደኣ ክትሓድጎ እንተ መሪጻ ነጻ ክብሃል እኽእል'የ ማለት ድዩ?

ኣማኻሪ፥ ሕጊ ከምዚ ዝገለጽክዎ'ዩ ዝእዝዝ። ብዓልቲቤትካ ሸለል ክትብሎ ዘለዋ ተኽእሎ ግና ጸቢብ ክኸውን ይኽእል'ዩ። መዛምውትኻ ምጥናሳ እንተ ሰሚዓ ብፍላይ፡ ትሓድጎዶ ይመስለካ?

ደዋሊ፥ ከቢድ'ዩ። ግና፡ ለባማትን ዓበይትን ገይረ፡ ክደንኒ ምባለይ የድሕነኒዶ ይኸውን?

ኣማኻሪ፥ ህዝቢ ኤርትራ ጭዋ ዝኾነ ባህሊ ኣለዎ። ንቐትለት ከይተረፈ ዘደቅስ ሓያል ባህሊ ስለ ዘለና እትሕገዘሉ መንገዲ ኣይስኣንን'ዩ። ለባማትን ዓበይትን ከኣ ዘየስምርዎ የለን።

ደዋሊ፥ በቃ በል፡ ሕጂ መዋጽኦ መጺኣ ኣላ። ንብዓልቲቤተይ ከኣ ከምቲ ዝሰምዖ ሰሊመን ክዴንን ከረሳርሳ'የ። በዚ ጥራይ ይሕለፈለይ እምበር።

ኣማኻሪ፥ ነዚ ብሕጊ እንተ ተቐጺዕካ ወይ'ውን ብዓልቲቤትካ ልቢ ኣዕቢያ ይቕረ ኢላትልካ፡ ክትሓልፎ ኢኻ። መጻኢ ህይወትካ ከመይ ክኸውን'ዩ?

ደዋሊ፥ "ድሕሪ ጥራጥ እግሪ ይእከብ፡ ድሕሪ ስሕታን ምኽሪ ይርከብ፡" ከም ዝብሃል፡ ስሒተ ተመኺረ ስለ ዝኾንኩ፡ እዚኣ ድኣ ትሕለፈለይ እምበር፡ ኣይደግምን'የ።

ኣማኻሪ፥ ጽቡቕ ሓድጉ፡ ስሕታን ዝብሃል ኣብ መጀመርታ'ዩ። ድሒርካ ምስ እትደግሞ ግና ብስሕታን ዝመኻኽን ከም ዘይኮነ ርዱእ ይመስለኒ። ብስሕታን ዝተፈጸመ ጉድለት ንምሽፋን ጥራይ ዘይኮነ፡ ሳዕቤን ናይ ጉድለትካ እውን ክግለጽን መዕለቢ ክርከበሉን ዝግባእዶ ኣይመስለካን?

ደዋሊ፥ ሳዕቤን ዝብሃል ዘሎ ኣየናይ'ዩ?

ኣማኻሪ፥ ኣቐዲምካ ከም ዘተምባህካለይ፡ ንብዓልቲቤትካ ብዓበይትን ለባማትን ከተረድእን ይቕረ ከም እትብለልካን ክትገብር ምኻንካ ነጊርካኒ። እዚ ጽቡቕ'ዩ። ግና እንታይ'ያ ክትንገር?

ደዋሊ፥ ብዛዕባቲ ዝፈጸምክዎ ጌጋ እምበር?

ኣማኻሪ፥ ብዛዕባቲ ጥንሲኸ ክትንገር የብላን ድዩ?

ደዋሊ፥ ክትንገር ዝግብኣ ዋላ'ኳ እንተኾነ፡ ነቲ ዝሓሰቦ ዘለኩ ዕርቂ'ሞ ኣየሸግርንዶ?

ኣማኻሪ፥ ፍርቂ ፍርቂ ምንጋርከ ቅንዕናዶ ትብሎ?

ደዋሊ፥ ቅንዕና ደኣ ኣይኮነን። ግና ቀስብቐስ ምንጋራ ይሓይሽ ብዝብል ምኽንያት'ዩ።

ኣማኻሪ፥ ኣብ ኢድካ ንዘሎ ክትቈጻጸሮ ዝክኣል ይኸውን። ካብ ምቍጽጻርካ ወጻኢ ዝኾነ ግና፡ ቀስብቐስ ክብለሉ ይክኣል ድዩ? ብፍላይ እዛ መማህርተይ ነይራ ትብላ ዘለኻ ጓል ኣንስተይቲ፡ ነዚ ተግባር ካባኻ ክትወልድ ድያ ወይስ ኣብ ሓዳርካ ፍልልይ ክትፈጥር ሓሲባ ዝተፈልጠ ስለ ዘየለ፡ ነዚ ሕጂ ብዓልቲቤትካ ከይትሰምዖ ትብሎ ዘለኻ፡ ማዕረ ክንደይ ዓቒባቶ ክትጸንሕ ትኽእል፡ ብቐንዱ ከኣ ክሳዕ መዓስ'ዩ እዚ ምስጢር ኮይኑ ክጸንሕ?

ደዋሊ፥ ንሱስ ሓቅኻ። እሞ እንታይ ይሓይሽ ኢኻ ትብል ዘለኻ?

ኣማኻሪ፥ ንኸለንትናዊ ኵነታት ናይቲ ጉዳይ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዓባቢጥካ ዘይኮነ፡ ጽባሕ ንዘቕላዕ ሎሚ ዘይምሕባእዶ ኣይምሓሸን?

ደዋሊ፥ ሓቅኻ'ዚ ሓወይ። "ተባዕ ኣይሞተ ፈራሕ ኣይሞተ፡ ላንጋላንጋ ሞተ፡" ከም ዝብሃል፡ ሳዕቤን ናይ ዝተፈጸመ ጌጋ ኣሚን ኢልካ፡ ብትብዓት ምምካቱ ይሓይሽ። ንብዓልቲቤተይ፡ ናይቲ ዝተፈጸመ ጌጋ ለባማትን ዓበይትን ሒዘ ብምኻድ፡ ብትብዓት ነጊረ፡ ኣብ ምሕረታ ምውዳቕ ይሓይሽ። ንዝሃብካኒ ምኽሪ ኣዝየ ኣመስግነካ።

ኣማኻሪ፥ ገንዘብካ ሓድጉ።

***

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ተኽኣ ክንፈ ጉልበት፡ ብዓል ቤተይ ዓንደማስቀል ጉብረሚካኤል ሰብሁ፡ ስለዘዋረሬ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓስወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዘበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ለድያ ሙሉጌታ ሰዩም ምባል ተረፉ፡ ለድያ ምሉእ ሰዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዘበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰናይት ሕሉፍ ተስፉይ፡ ስም ኣደይ ርግበ መቀረ ኣብራ ምባል ተረፉ፡ ርግበ ኣረጋይ ኣብራ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዘበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቀዳማይ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፡ መካይን ምሕጻብን (Lavajo)፡ ብኮ ጎማ ምጽጋንን
ኣሃዱ፦ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ተሽከርከርቲ ምሕጻብ ንምኪያድ ጎማ ምጽጋን
ዓይነት ጨረታ ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ንዓመት 2026 ዓ.ም 2027 ዓ.ም ካብ ወርሒ 01/01/26 ክሳብ 31/12/27 ኣብ ዞባ ማእከል ንዘርከብ ትካላት ጥዕና ዓበይትን ንኣሽቱን ተሽከርከርቲ (መካይን ንክልተ ዓመት ኣጫሪራ፡ ተሽከርከርቲ ከሕጽብን ብኮ ጎማ ክጽግንን ስለ ዝደለዩ፡ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

### ተጫረትቲ ክማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት

1. ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡ ዋጋታት፡ ዝ. ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጸገም፡ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ምሕጻብ ተሽከርከርትን ምጽጋን ብኮ ጎማን ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ናይ 2024 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን ናይ ዓመት 2024 ዓ/ም ግብሪ ከም ዝኸፈሉ ካብ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መረድኢ ሰነድ ፎቶኮፒ መንነት ከቕርቡ ይግባእ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (የሴፍ ሰዩም ቁ.ቴሌ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ክፈሉም ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 31/12/25 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጕዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልቲ ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ፡፡ ዕለት 31/12/25 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 10.000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና

ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ቁጽሪ ቴሌፎን 125312
ምምሕዳር ጸጸራት ጎደና ደንደን፡ ቁ.ሳፖ 212 ኤርትራ ኣስመራ፡

## ቀዳማይ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጽገና ንፎቶ ኮፒ፡ ንፕሪንተር፡ ፋክስ
ኣሃዱ፦ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና
ኣርእስቲ ውዕል፦ ምጽጋን ፎቶ ኮፒ፡ ፕሪንተር፡ ንፋክስ ምኪያድ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ሚኒስትሪ ጥዕና ንዓመት 2026 ዓ.ም፣ ካብ 01/01/26 ክሳብ 31/12/26 ዓ.ም ንኹለን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከባ ትካላት ጥዕና ናይ ቤት ጽሕፈት መሳርሒ ዝተፈላለየ ዓይነት ስርሓት ፎቶኮፒ (photo copier) ፕሪንተር (printer) ፋክስ (fax Machine) ዓመታዊ ጽገና ክካይድ ስለዝደለየ፡ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

### ተጫረትቲ ክማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት

1. ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡ ዋጋታት፡ ዝ. ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጸገም፡ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መሳርሒታት ጽገና ዘካይዱ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2024 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መንነት የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (የሴፍ ሰዩም ቁ.ቴሌ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ክፈሉም ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 31/12/25 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጕዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲ፡ ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ፡፡ 31/12/25 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ፡ ጽገና 30.000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ተጫረቲ ነቲ ዝተዓወተሉ ጽገና ባዕሉ ወይ ብወከልቱ ክኢላታት ጥራይ ጽገና ክካይድ ይፍቀደሉ፡፡
10. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ቁጽሪ ቴሌፎን 125312
ምምሕጋር ጸጸራት ጎደና ደንደን፡ ቁ.ሳፖ 212 ኤርትራ ኣስመራ፡

---

ብስም ኣምና ዓብ ተኽለይ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን KEL00012114 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ መሸጢ ናውቲ ስፖርት ትካለይ፡ ንኣቶ ተስፋብርሃን ኣማን ኣምለሶም፡ ኣድራሻ ከረን ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኣምና ዓብ ተኽለይ

---

ነቲ ኣብ ኣስመራ ፕሎት 45 ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP000009081 ፓርሰል ክፋል D ከበ/ዚፕ ኮድ ቀሓውታ 713 ጎደና 716-16 ዝርከብ ኣብ ቤ/ጽ/ ካዳስተር ብቑ. መለለዪ ንብረት 1:005003 ብስም ምሕረት ሓጎስ ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝሸጥኩዎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ተቓውሞ እንተ ዘይቀረቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ሓጎስ

---

ወ/ሮ የዲት ግርማጼን፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ ኣቕሑ ገዛ ንግዳዊ ትካለን፡ "ድልየትና መሸጢ ኣቕሑ ገዛ (DLYETNA HOUSEHOLD APPLIANCES) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ብስም ብርሃ ሃንተገርግሽ ወልደገርግሽ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00004393 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና መንሎ ቁ.ገዛ 20 ዝርከብ ናይ ብኽክሊታ መዓረይን መሸጥን (ቺክሊስታ) ትካለይ፡ ንኣቶ ዳኒኤል ዳዊት ገ/ ሃዋርያት፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 715-1 ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ብርሃ ሃብተገርግሽ ወልደገርግሽ

---

## ሓራጅ

ኣብ ሞንጎ ብፍ/በ/መሰል ንግዳዊ ባንኪ ኤርትራ ብፍ/በ/ዕዳ ትካል ባና ኢንዳስትሪ ሓዝበማ ዝተፈጥረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ኣብ ቲራቮሎ ኣብ ጎደና ዋርሳይ ጎደና ፋሕ ዝርከብ ብስም ትካል ባና ኢንዳስትሪ ሓዝበማ ዝተመዝገበ ህንጻ፡ ኣብ 2034.65 ት/ሜ ዝተደኮ ትካል ኮይኑ፡ ቀንዲ ክፍልታት ተሓጋጊዙቲ ዝሓዘ ኮይኑ፡ ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ስለዝኣዘዘ፡ ብዘለዎ ኩነታት ብክኢላ መጠነ ዋጋ ናይ ሓራጅ 1.238.493.00 ናቕፋ (ሓደ ሚልዮንን ክልተ ሚእትን ሰላሳን ሸሞንተ ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ቴስዓን ሰለስተን ናቕፋ) ስለ ዝተገመተ፡ ኣብ'ቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳጹን ጨረታ ተወዳዳሪ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽሪን ብፊደልን ብገጸር ጽሒፉ ብዕሹግ ሰታሪት የእቱ፡፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ 1/4 (ሓደ ርብዒ) ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት ገንዘብ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ C.P.O ኣሰሪሑ ወይ ድማ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ሒዙ ባዕሉ ወይ ብመንገዲ ሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡

ዕለት ሓራጅ፦ 22/01/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ ክወስድ ዝደሊ፡ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/64 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክውከስ ይኽእል፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ መኣገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ደው ኣይብልን፡፡

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ትምኒት ገብረእግዚኣብሄር ገብረኣምላኽ ምግባል ተሪፉ፥ ትምኒት ገብረእግዚኣብሄር ወልደኣምላኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሰሲ መልኣከ ተስፋይ ክፍለማርያም፡ ወኪል ኣማኑኤል ተስፋይ ክፍለማርያም፡ ተኸሳሲት መርሃዊት ተወልደ ዑቕባእንድርያስ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብሕጋዊ ወኪል ን14/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ዑቕባማርያም ኤርምያስ፥ ብዓል ቤተይ ገብረስላሴ ፍትዊ ኣብርሃም ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰላም ኪዳን፥ ብዓል ቤተይ የናስ ኣብርሃ ደሞዝ ስለዝተሰውኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ፊሽን የማነ ወልዱ፥ ስም ኣቦይ የማነ ወልዱ ምግባል ተሪፉ፥ ፊሽን ያማኒ ዋልዱ ክኸውን፣ ስም ኣደይ ከኣ ኣዝመራ ገብረይ ጸጋይ ምግባል ተሪፉ፥ ኣለም ገብረማርያም ዐቕባስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰናይት ተኽለሃይማኖት፡ ስም ኣደይ ርግበ መዛግን ኣብርሃለይ ምግባል ተሪፉ፥ ሓለፋይ መዛግን ኣብርሃለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሮዳስ ኣረፈ ኢሳቅ ምግባል ተሪፉ፥ ሮዳስ ጸጋይ ስንቀይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

የውሃንስ ታደሰ ክፍሉ፥ ኣቦይ ታደሰ ክፍለ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

በረኸት እዮብ ሓድጉ፥ ኣቦይ እዮብ ሓድጉ ባዕሉ፥ ስለዝዓረፈ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የሴፍ መንግስተኣብ ደበሳይ ምግባል ተሪፉ፥ ተወልደመድህን መንግስተኣብ ደበሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰና መድሃኔ ክፍለ ምግባል ተሪፉ፥ ሰናት መድሃኔ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኢብራሂም ሳልሕ ዐሶማን ምግባል ተሪፉ፥ ሳብር ሳልሕ ዐሶማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰናይት ሰለሞን ምግባል ተሪፉ፥ ሰሰን ሰለሞን መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ሳብር ሳልሕ ዐሶማን ምግባል ተሪፉ፥ ኢልሃም ሳልሕ ዐሶማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሂዋን ገብረሊባኖስ ወልደገርግሽ፥ ብዓል ቤተይ ገብርሂወት እምባየ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ወደና ከኣ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

መንግስተኣብ ገብረማስቀል፥ ወለድና ገብረማስቀል ኣስገዶምን ኣዳና ያኖሽ ተስፋማርያም ክፍለን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 1ህልው ሓወይን 6 ደቂ ምውታት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ሳሙኤል ሙሴ እማን ምግባል ተሪፉ፥ ኣቶ ሳሙኤል ሙሴ ኣማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሽዊት የማኑ ተኸሳሲ ኣቶ ፍረዝጊ ዘርኣይ በርሀ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ኣምለሰት ጸጋይ መሓሪ፥ ብዓል ቤተይ መም/ ሃይለ ምስጉን ኣሰታ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ወደና ከኣ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ከሳሲት ወ/ሮ መኣዛ ተስፋማርያም +3 ተኸሰስቲ 1. ኣቶ ዓንደም ከስተ ተስፋማርያም 2. ወረ/ፍ ሃይለ ከስተ 1.1 ሳራ ሃይለ 1.2 ያቆብ ሃይለ፣ ናይ ምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፥ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሃብቶኣብ ዞሚካኤል ሃይሉ፥ ስም ኣደይ ወይኒ ክብሮኣብ ዐቕባክርስቶስ ምግባል ተሪፉ፥ ጸገወይኒ ክብሮኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣፈወርቂ ግርማይ ደብረጼን ምግባል ተሪፉ፥ ኣፈወርቂ ግርማይ ገብረጻዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሳምያ መሓመድ ሰዒድ ምግባል ተሪፉ፥ ኑርያ መሓመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ንዕማ ኣብራሂም መሐመድ ምግባል ተሪፉ፥ ንዕማ ኣብራሂም ፊይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ምሕረት መሓሪ ገብረመድህን፥ ብዓል ቤተይ መርሃዊ ገዕሽ ተኽለ ስለዝተሰውኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ጓልና ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ማሰል ካሕሳይ፥ ብዓል ቤተይ በረኺዊ ኪዳነ ዋነ ስለዝተሰውኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ናጽነት ሚከኤል ዘርሃንስ፥ ናይ ኣቦኣም ኣብርሃ ሃብተ ወልደሚካኤል ምግባል ተሪፉ፥ ኣብርሃም ሃብተ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ሚካል ተስፋማርያም፡ ኣቦይ ተስፋማርያም ሚኻል ዑቕባትንሳኤ ብዕለት 20/11/2025 ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 03 ዞን 05 ብቑጽሪ 48 ፓርሰል ፓ ዝርከብ ቀዋሚ ንብረት ብህያብ ዘተዋህበኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሮማን ጊላይደስ ወርዕሱ፥ ብዓል ቤተይ ትምኒኤል ኣግደባይ ዜድ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣድሓኑት ማስቀል ከልብ፥ ብዓል ቤተይ ዓንደሃይማኖት ዘርኣ ሓጎስ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓሸም ሓምድ ሙሳ ምግባል ተሪፉ፥ ዓሸም ሓምደ ሙሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምከኤል ሓጅ፥ ብዓል ቤተይ ዓንዳይ ፍረ መሓመድ ስለዝተሰውኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሑርያ ኢለብ ናፈዕ፥ ሓወይ ገርጊስ ኢለብ ናፈዕ ስለዝተሰውኡ፥ ኣነ ምስ 1 ሓፍተ፥ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ ዓውያ ዓይድ፥ ብ2006 ዓ/ም መኪና ቁ/ሰሌዳ ER-3-06632 ቁ/ቻሲ BU-88-0018020 ካብ ተጸዋዒ ዓዲጉ፥ እንተኾነ ስም ምትሕልላፍ ከይፈጸመለይ ተጸዋዒ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፥ ይጸወዓለይ ስለዝበለ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/01/26 ኣብ ቤት ፍርዲ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ዓምር ዑመር ሳልሕ፥ ተጸዋዒ ዓብደርሕማን ዑመር ጣሀር፥ መኪና ሰሌዳ ቁጽሪ ER-1-C4670 ቁጽሪ ቻሲ FNM 4265 3004JR86 እትፍለጥ ዝሸጠለይ መኪና፥ ናይ ስም ምትሕልላፍ ከይፈጸመለይ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈለጠ ይጸወዓለይ ስለ ዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ሰዛና ጸጋዮ ረዳ፥ ብመንዲ ወኪሉ ኣቦይ ጸጋዮ ረዳ ስለዝተሰውኡ፥ ተቐበልኒ ስለ ዝበለ፥ ሕጂ ናይ ኣቦት ማለለይ ክረጋገጸለይ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ናኦድ ምሕረተኣብ ምግባል ተሪፉ፥ ዳየሞንድ ምሕረተኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዳኒኤል ምሕረተኣብ ምግባል ተሪፉ፥ ናታን ምሕረተኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ጀምዕያ ሓምድ እድሪስ፥ ወኪል ኣቶ ሓሰን ሰዲግ መሓመድ፥ ብዓል ቤተይ ሑሰን ሰዲግ መሓመድ ስለዝተሰውኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ምንት መለስ ገ/ምካኤል ምግባል ተሪፉ፥ እምኑት መለስ ገ/ምካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ናይ ስራሕ ምልክታ

ሮራ ብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና፥ ኣብ ጨንፈር ኦሮታ ሆስፒታል ክፍሊ ካርድ ናይ ዳታን ናይ ሕሙማት ካርድ ምምዝጋብ ዝሰርሑ ኣባላት ክቖጽር ስለ ዝደለየ፣ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተሓቢሩ ዘሎ ዝማልኡ/ተማልእ ክውዳደር ከምዝኽእል/ከምትኽእል ንሕብር፡፡

መደብ ስራሕ፦ ጸሓፊ/ት
ደረጃ ትምህርቲ 12 ክፍሊ ዝወደአ/ት
ፍሉይ ክእለት ብኮምፕዩተር ስልጠና ወሲዱ/ዳ ናይ ስራሕ ተመክሮ ዘለዎ/ዋ
ብዝሒ፦ 2

ሓፈሻዊ ሓበሬታ
ናይ ስራሕ ቦታ፦ ኦሮታ ሆስፒታል
ደሞዝ፦ ብናይ ትካል ስኬል
ኣመልከቲ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ነጻ ምዃኑም ዘረጋግጽ ናይ መፋነዊ ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝተዋህበ ሒዙም ይቕረብ፡፡
እዚ ምልክታ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ክሳብ 10 መዓልቲ ኣብ ዘሎ ግዜ ክምዝገቡ ኣለዎም፡፡

ናይ ምዝገባ ቦታ፦ ሮራ ብሕጋዊ ኣገልግሎት ጥዕና
ዞባ ማእከል
ንኣስ ዞባ ጸጸራት ጎደና ቅዱስ ሚካኤል ቤተክርስትያን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ኣመልካቲ ኣቶ ሰለሙን ሳህለ ጉብረእየሱስን፡ ተጸዋዒ ወረስቲ ነ/ፍ ግምጃ ማና ሃብተጼንን፡ ነፍ/ት/ ኣረጋሽ ቢተው በኺትን፡ ዳኒኤል ሳህለ ጉብረእየሱስ፡ ለተንጉስ ሳህለ ጉብረእየሱስ፡ ማቲዎስ ሳህለ ጉብረእየሱስ፡ ያቆብ ሳህለ ጉብረእየሱስ፡ ኣስቴር ሳህለ ጉብረእየሱስ፡ ነ/ፍ ብርሃነ ሳህለ ብተተካእቲ ደቃ (ራሄል ጉብረገርግሽ ኣርኣያ፡ ሮቤል ጉብረገርግሽ ኣርኣያ፡ ዘቢባ ጉብረገርግሽ ኣርኣያ፡ መኣሪ ፍቓዱ ኢብራሂም ወረ/ነፍ ሳህለ ጉብረእየሱስ ኣድሓይን ነፍ/ት ኣረጋሽ ቢተው በኺትን ቢንያም ሳህለ ጊደወን ሳህለ ተጸዋዕቲ ንዘኸዉም ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ጸዳል ጉብረኪዳን መዓሾ፡ ብዓል ቤተይ ሌ/ኮ ዳዊት ኣርኣያ ወልዱ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/25 ኣብ ቁ.47 ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ኣቶ ወልዳይ ግርማይ ሳሚኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋይ ኣስመላሽ ተወልደመድህን፡ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ 22/12/25 ኣብ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ተራእዩ ውሳኔ ክወሃበሉ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

ዛህራ ሓጎስ በየሌተይ ሓሰቡ ኣደም ስለዝተሰወአ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሙሉ ሰመረ ዑቕባዝጊ፡ ስም መዋቲት ሓብተይ ንግስቲ ሰመረ ዑቕባዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ምሕረት ሰመረ ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ሳባ ጉብረማርያም፡ ተኸሰስቲ ወ/ነፍ ኣዝማች ወልደማርያም ሃብቱ፡ ኣቶ ሙሴ ኣፈወርቂ ወልደማርያምን ወ/ሮ ትዕበ ወልደማርያምን ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ንሽኹም ኣብ ዘየለኹምሉ ውሳኔ ክወሃበሉ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ፈሩዝ ወ/ሚካኤል ጉብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ ፈሩዝ ወ/ሚካኤል ዓደል ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ጸሃይነሽ ኣብርሃለ ሃይሉ፡ ኣቦና ኣብርሃለ ሃይለ ኣፈወርቂ ስለዝሞተ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ኣበባ ጉብረሂወት ናይ መጻምዲ ማሳላ ይተሓለወላ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that "**GS PRIVATE LIMITED COMPANY**" has been formed among the following members.

**A)** Shareholders

| S/N | FULL NAME | NATIONALITY | ADDRESS | NO. OF SHARES | VALUE OF SHARES |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | Mr. Ghirmay Haile kidane | Eritrean | Asmara | 40 | 200,000 |
| 2 | Mrs. Senait Russom Kibrom | Eritrean | Asmara | 60 | 300,000 |
| | Total | | | 100 | 500,000 |

**B)** The head office of the company shall be in Massawa and the Company may open branch or operating offices anywhere within and outside Eritrea.

**C)** The company has a capital of Nakfa 500,000 (Nakfa Five Hundred Thousand) fully paid up in cash and is divided in to 100 (One hundred) shares registered in the name of the shareholders at par value of Nakfa 5,000.00 (Five thousand) each.

**D)** The overall business purposes of the company shall be:

1. To engage in the business of clearing and forwarding services
2. To engage in the business of storage, packing and repacking services.
3. To engage in the business of all kinds of general trade
4. To engage in the business of import/export, commission agent or representation of manufacturer and traders, general trade, wholesale, and retail of related activities.

**E)** Mr. Ghirmay Haile is appointed as the general manager for unlimited period of time.

**F)** The period for which the company is established is unlimited.

**GS P.L.CO**   ጂ ኤስ ሓ.ዝ.ብ.ማ

## ቀዳማይ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ብስራሕ ምኽንያት ብመንገዱ ናብ ወጻኢ ሃገር ዝኸዱ ኣባላቱ ተሓጋገዝቲ ሚ/ጥዕና ወጻኢተኛታት ናይ ኣየር ትኬት ኮነ ምስኡ ዝተኣሳሰር ስራሕ ንምስላጥ ንዓመት 2026 ዓ.ም ካብ ወርሒ 01/01/26 ክሳብ 31/12/26 ዓ.ም ዝውዕል ኣገልግሎት ናይ ኣየር ወኪል ገዕዞ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ክማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት

1. ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ምስላጥ ወኪል ገዕዞ ዋጋታት፡ ብዕሹግ ደብዳበ ክቐርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ናይ ዓመት 2024 ግብሪ ከም ዝኸፈሉ ካብ ኢታዊ ወሃቢ ሃገር መረድኢ ሰነድ ፎቶ ኮፒ መንነት የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (የሴፍ ስዩም ቁ.ቴሌ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክርከቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ክፈልም ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 31/12/25 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪሎቶም ክሳተፍ ዝደለ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ። 31/12/25 ሰዓት 10:00ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ጸገና 10.000.00 ናቕፋ ብሰፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ተጫራቲ ኑቲ ዝተዓወቱሉ ጸገና ባዕሉ ወይ ብወኪሉ ክኢሎታት ጥራይ ጸገና ክቡይድ ይፍቀደሉ።
10. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ቁጽሪ ቴሌፎን 125312
ምምሕጋር ጸጽራት ጎደና ደንደን ቁ.ሳ.ፖ 212 ኤርትራ ኣስመራ።

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ዶ/ር ጉብረስላሴ ኣርኣያ ወልዱ፡ ተወካሊ ማሕበረትም ኤርትራውያን ኣብ ባሕሬን ነበረ፡ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ሕክምናን ገዛን ዝበጽሕኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብተለፎንን ዘጸናናዕኩሙና፡ ብንዋትን ብሓሳብን ዝደገፍኩምናን ዝሓገዝኩምናን ቤተሰብ መቕርብ ኣዕሩኽትን መሳርሕትን ኩላትኩም ልባዊ ምስጋና እናቕረብና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣማረሽ ኃይጨ ምስ 2 ደቃ
ኣሕዋቱን ምስ ምሉኣት ስድራቤትን

ወ/ሮ ሰምሃር በየን ተወልደ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጣ ጎማ መኪናን ባተርን ንግዳዊ ትካለን፡ "ንፍታሌም መሸጣ ጎማ መኪናን ባትርን" (NFTALIEM RETAIL OFTYRS AND BATTERY) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

## ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ

ርሑስ ሓድሽ ዓመት እናተመነየ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 12 ጥሪ ክጅምር ምዃኑ ከበሰር ይፈቱ። ምቕርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ   ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎደና ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮና ሬስቶራንት እዩ።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ መርማሪ ቈልዓ

## መበል 23 ክፋል

### ዛንታ

“ሓቅኻ ኣለኻ ንሰኣል፡” ሳይሞን፡ መጀመርታ ንሰመረ ንብይኑ ክልተ ስእሊ ሰኣሎ። ብድሕሪኡ ክልቲኦም ብሓባር ንገዛእ ርእሶም ብሳይሞን ተሳእሉ። ክልቲኦም ብሓጐስ ምስ ድሙቕ ፍሽኽታ ኣብ ስእሊ ሰፈሩ።

“በል ቈቛሕ ከኣ ሰንበት ሰዓት ኣርባዕተ ንራኸብ ኢሉካ ኣሎ። ጕዳይና ክንውድእ ገለዶ ይብል ነይሩ፡”

“ኣሰይ!” ሰመረ ከይተረድኦ ንሳይሞን ኣብ ግንባሩ ሰዓሞ። ብረሳሕ ኣካሉ ከምዝሰዓሞ ዘኪሩ ተሰከፈ።

“እዋእ! እንታይ ደኣ ምስ ሓመድካ?” ሳይሞን፡ ንግንባሩ ብኢዱ እናደረዘ ተዛረቦ።

“ናይ ሓጐስ እዩ። ስለዚ ሰንበት የራኽበና። ሕጂ ቀሲነ ቻው፡” ብሓጐስ እናተዛረበ ናብ ስርሑ ከደ።



“ሕራይ ቻው፡” ሳይሞን በይኑ እናሰሓቐ ናብ እንዳ ኣውቶቡስ ተበገሰ።

ሳይሞን፡ በቲ ዝገበሮ ዕዉት ስራሕ ባህታ ተሰሚዕዎ እናኽመስመሰ ኣብ መጸበዪ ኣውቶቡስ በጽሐ። ኣውቶቡስ ቍጽሪ 8 ደው ኢላ ሰብ ክትጽዕን ጸንሓቶ። ናብታ ኣውቶቡስ ብምእታው ከፊሉ ንሽነኽ የማን ደው ኢሉ ክኸይድ መዲቡ ኣብ ጥቓ መስኮት ቀመ። ድሕሪ ሓሙሽተ ደቒቕ ሳይሞን ምስቃሉ ኣውቶቡስ ተበገሰት፡ ኣኽርያ፡ ዕዳጋ ዓርቢ፡ ካርሸሊ ሓሊፋ ኣብ ከባቢ ዕዳጋ እኽሊ ቀመት። ተሳፈርቲ ወረዱ። ሳይሞን ከኣ ድሕሪ ኵሎም ወረደ። በታ ዝመጸኣን ኣጸቢቑ ዝፈልጣን መገዲ ናብ ገዝኡ ተመልሰ። ብሕጉስ መንፈስ ከኣ ምስ ስድርኡ ክዕልል ጀመረ።

* * *

ሳይሞን፡ ናይ ዝመጽእ ሰንበት መዛዘሚ ርክብ ምስ ሰመረ ከመይ ከም ዝኸውን፡ ስምዒት ናይ ሰመረ እንታይ ከም ዝመስል ክግምት ቀነየ።

ሰመረ፡ ብወገኑ ኣብ ስክፍታን ሸቐረራን ዝናገፈላ መዓልቲ ክትመጽኣሉ ብሃንቀውታ ተጸበየ። ኣብ ህይወቱ ብዘገበሮ ለውጢ እናኣሐጐሶ ቈቛሕ ከመይ ከም ዝመስል፡ ዕድመኡ ክንደይ ከም ዝኾነ ንምርኣይ ኣዝዩ ተረበጸ።

ሰንበት ኣኸለ። ሰመረ ኣብ ዕረፍቲ ስለ ዝወዓለ ኣብ ንግሆ ኣትሒዙ ናብ ናይ መወዳእታ ርክቡ ክዳሎ ጀመረ። ሰዓት ሰለስተ ምስ ኮነ ካብ ገዝኡ ተበገሰ። ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝከበሮ ንላዕሊ ጸቢቑ ቅድሚ ናይ ቈጸራ ሰዓቱ ኣብ ጎደና ዲላ በርዕድ በጺሑ ቀመ። ሳይሞን መጺኡ ናብ ቆቛሕ ክወስዶ ብተርባጽ ተጸበየ።

ሳይሞን፡ ኣብ ገዛ ከሎ መስገድ ድምጺ ክጉብር ሰምዐ። ሰመረ ዝመጽኣሉ ግዜ ከም ዝኣኸለ ፈሊጡ ናብ ሰመረ ንምኻድ ተዳለወ። ገለ ርብዒ ደቒቕ ተሪፍዎ ስለ ዝከበረ ኑተን ናይ ሳይሞን ደብዳበታት፡ ከምኡ’ውን ነታ ታብለት ኣብ ቀረባ ገይሩ ካብ ገዝኡ ወጽአ።

ሰመረ፡ ዓቕሉ ኣጽቢቡ ኣብ ጥቓ ገዛ እንዳ ሳይሞን በጺሑ ነበረ። ንሳይሞን ምስ ረኣየ፡

“ዓርከ ከመይ ቀኒኻ? እንታይ ደኣ ደንጒኻ?” ናብኡ ቀሪቡ ሰላምታ ለገሰሉ።

“ሕጂ እንድዩ ሰዓት ኣርባዕተ ዝኾውን ዘሎ ተሃዊኽካ ኢኻ?” ሳይሞን ኑቲ ጽሩይ ኩዳውንቲ ናይ ሰመረ እናረኣየ ተዛረቦ። ብጽሬቱ ድማ ተደነቐ።

“እወ ሎሚ ኣዝየ ተሃዊኸ ኣለኹ። ነዛ መዓልቲ እዚኣ ነዊሕ እየ ተጸቢየያ። ንቆቛሕ ኣበይ ኢና ክንረኽቦ?” ሰመረ ብተርባጽ ሓተተ። ንቆቛሕ ክረኽቦ ኣዝዩ ተሃንጥዩ ኣሎ።

“ኣብ ገዛና፡”

“እዋእ! ኣብ ገዛኹም ሕራይ ጽቡቕ! ሎሚ ረኺበ ከመስግኖ ተረቢጸ ኣለኹ። ቆቛሕ ኣብ ህይወተይ ዝገበሮ ክነግረካ ኣይክእልን እየ። ሰብ ገይሩኒ እዩ። ንስኻ እንኮላይ ማለተይ እዩ። ንስኻ’ውን ንኣይ ሰብ ኣብ ምግባር ሓጊዝካኒ ኢኻ። ሕጂ በል ንዓናይ ንኺድ። ግን ስድራኻ ደኣ?” ሰመረ ተሰከፈ።

“ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ሎሚ ኣብ ገዛ በይነይ እየ ዘለኹ። ምብጻሕ ስለ ዘሎዎም ገዛ ሓሉ ኢሎም ገዲፎምኒ ከይዶም እዮም፡” ሳይሞን ተዛንዩ ተዛረበ።

“ሕራይ ጽቡቕ፡ እንድዒ ከመይ ከምዘመስግኖ’ኳ ኣይፈልጥን እየ፡” ሰመረ ዝዛረቦ ጠፍኦ።

“የቐንየልና እንዶ በለና፡” ሳይሞን መገዲ ገዝኦም ፈለመ።

ክልቲኦም እናዕለሉ፡ ካንሸሎ ሓሊፎም ኣብ ሳሎን ኮፍ በሉ። ሳይሞን ካብ ፍርጅ ኮካ ከፊቱ ንሰመረ ኣቕበሎ።

ኮፍ ኢሎም ሳይሞን ብዛዕባ ትምህርቲ፡ ሰመረ ከኣ ብዛዕባ ስራሕ፡ ዳርጋ ዓሰርተ ደቒቕ ኣዕለሉ። ሰመረ ስለዝተረበጸ ኣብ መንጎ ዕላል፡

“ሳይሞን በጃኻ ንቆቛሕ ጸውዓዮ ክርእዮ ተሃንጥየ ኣለኹ፡” ንሳይሞን ኣተኩሩ ብምጥማት ተዛረቦ።

“ሕራይ ሕጂ ክመጽእ እዩ፡” ካብቲ ኮፍ ኢልዎ ዝከበረ ተንሲኡ ናብቲ መጽሓፍቲ ዝቕመጠሉ ሸልፍ ከደ። እተን ናይ ሰመረ ወረቓቕቲ ሒዙ ድማ ተመልሰ። ታብለት ከኣ ኣብ ቅድሚኦም ጠረጴዛ ነበረት።

“እንታይ ደኣ ናብ ስራሕ ኣቲኻ፡ በጃኻ እባ ንቆቛሕ ጸውዓዮ። ካብቲ ዝተጸበኽዎ መዓልታት እኳ እዛ መዓልቲ ነዊሓትኒ፡” ሰመረ፡ ሳይሞን ወረቓቕቲ ምሓዙ ባህ ኣይበሎን።

“ሕራይ ሕጂ መጺኡ ኣሎ፡” ክምስ ብምባል ስምዒት ሰመረ ክዕዙብ ተዳለወ።

“ኣበይ ኣሎ?” ሰመረ ኑቲ ገዛ ብዓይኑ ፈተሾ።

“ኣይትተሃወኽ!!” ሳይሞን በየን ከም ዝጀምር ሓርቢትዎ። ኣበርቲዑ ድሕሪ ምስትንፋስ ጸንሒ ኢሉ፡ “ቆቛሕ ኣነ እየ፡” ክምስ ኢሉ ደነነ። ምዝራብ ከቢድዎ ስለ ጸንሐ ምስ ተዛረበ ፈኾሶ።

“ሳይሞን ላግጺ ይጽንሓልካ በጃኻ ጸውዓዮ፡” ናይ ሓሶት ሰሓቕ ሰሓቐ። ላግጺ ሳይሞን ደስ ኣይበሎን። ሳይሞን ዝተዛረቦ ፈጺሙ ሓቂ ክኸውን ግምቱ ኣይነበረን።

ይቕጽል...

# ሕቶታት ቋንቋ ትግርኛ

ፍትዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ንዝርኣዩ ተደጋገምቲ ጌጋታት ንምፍዋስ ‘ሕቶታት ቋንቋ ትግርኛ’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሕቶታት ቀዳማይ ክፋል ኣዳሊና ነይርና። ንሎሚ ድማ ካልኣይ ክፋል ይስዕብ። ሰናይ ትምህርቲ!

ሕቶታት ቋንቋ ትግርኛ ቍጽሪ- 2

**ቅኑዕ ቃል ምረጹ**

1. ኣብ __________ ሃይለ ብርቱዕ ከልቢ ርእየ።
   - ሀ. እንዳ ኣቦይ
   - ለ. እናኣቦይ
2. የማነ ሓወይ፡ ‘ባዚ ሃቡኒ’ __________በኸዩ።
   - ሀ. እንዳ በለ
   - ለ. እናበለ
3. ናይ ሞባይል ካርድ__________።
   - ሀ. ኣለና
   - ለ. ኣሎና
4. ንሕና ኣዚና ጽቡቕ __________።
   - ሀ. ኣሎና
   - ለ. ኣለና
5. መጽሓፍ ምንባብ __________ ደስ ኢሉኒ።
   - ሀ. ብጣዕሚ
   - ለ. ኣዝዩ



ፍትዋት ተማሃሮ፡ ምስ ፈተንኩም መልሲ ኣብ ታሕቲ ርኣዩ።

# ውድድር ስእሊ ንተመሃሮ

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2025፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ውድድር ስእሊ ኣካይድና ምንባርና ይፍለጥ። ሕጂ ኸኣ፡ ንኻልኣይ ግዜ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2026 ኣብ መንጎኹም ናይ ስእሊ ውድድር ከካይድ ስለ ዝኾንና፡ እቶም ናይ ስእሊ ክእለት ዘለኩም ክትወዳደሩ ንዕድም።

**ሓበሬታ፡**

**ስእሊ፡** ብርሳስ ወይ ብሕብሪ ዝተሳእለ ክኸውን ይኽእል። ዓቐን ስእሊ ኣብ A3 (30 ሴ.ሜ ብ42 ሴ.ሜ) ይኸውን።

ኣብ ስእሊ ብሉጽ ስራሕ ዘቕረቡ ተመሃሮ፡ ናይ መወዳእታ መጻረዪ ኣብ ቅድሚ ተዓዘብቲ ክስእሉ እዮም።

**ደረጃ ተወዳደርቲ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፦**

- 1ይ ጕጅለ፡ ተመሃሮ ቅድመ ትምህርቲ
- 2ይ ጕጅለ፡ 1ይን 2ይን ክፍሊ
- 3ይ ጕጅለ፡ 3ይን 4ይን 5ይን ክፍሊ
- 4ይ ጕጅለ፡ 6ይ፡ 7ይን 8ይን ክፍሊ
- 5ይ ጕጅለ፡ 9ይ፡ 10ይን 11ን ክፍሊ

ተወዳደርቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣብ ድሕሪ ስእሊ ኣድራሻ ክጽሕፉ ይግባእ። ኣብ ቅድሚት ስእሊ ዝተጻሕፈ ስም ተቐባልነት የብሉን።

ስም፡__________

ኣርእስቲ ስእሊ፡__________

ክፍሊ፡__________

ቤት ትምህርቲ፡__________

ተለፎን፡__________

ተወዳደርቲ ክሳብ ዕለት 02/01/2026 ስርሓቶም ከረክቡ ይግባእ።

**ምርካብ ስርሓት፡** ቍጽሪ ጸስጣ 4336 ኣስመራ ኤርትራ፡ እቶም ብኣካል ከተረክብዎ እትኽእሉ ድማ ኣብ ቤት ስእሊ ቺካሉክስ (ኣብ ጐደና ሓርነት ከባቢ ሲነማ ኢምፐሮ ዝርከብ ቤት ስእሊ) እዩ።

መምህራን፡ እዚ ሓበሬታ ንተመሃሮ ክበጽሖም እጃምኩም ክትጻወቱ ንላቦ።

**ንዝያዳ ሓበሬታ፡**

07190414 ደዊልኩም ክትውከሱ ትኽእሉ። ብዛዕባ እዚ ውድድር እዚ፡ ሓበሬታ ብጋዜጣ ከወሃብ ስለ ዝኾነ ጋዜጣ ተኸታተሉ።

ሰናይ ውድድር!

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ተርመማ

# መልሲ

1. ሀ. እንዳ ኣቦይ = እንዳ ሰብን ህንጻን ክንገልጽ ከለና ‘እንዳ’ እናበልና ክንጽሕፍ ይግባእ።
2. ለ. እናበለ = ይብል ስለዘሎ፡ ‘እንዳበለ’ ኣይንጥቀምን ኢና። ስለዚ፡ ንዝሩብ ‘እና’ ንጠቐም።
3. ለ. ኣሎና፡ = ኣሎና፡ ንውናን ንጥቀመሉ። ስለዚ፡ ንምውናን ስለ ዝገልጽ ኣሎና እዩ እቲ ቅኑዕ።
4. ለ. ኣለና = ኣለና፡ ንህላወ ይገልጽ። ስለዚ፡ ‘ጽቡቕ ኣለና’ እምበር፡ ‘ጽቡቕ ኣሎና’ ኣይንብልን።
5. ሀ. ኣዝዩ = ብልማድ ‘ብጣዕሚ’ ብዙሕ ግዜ ንጥቐም ኢና። እቲ ቅኑዕ ግና ‘ኣዝዩ’ እዩ።

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## "ካብ ኣለም በቃኝ ክፍትሖም፡ ነቲ ሓላፊ 'ሕራይ' ኣቢለዮ ነይረ" ጓል ሻምበል

3ይ ክፋል

**ብሰይቲ ካብ ከረን ናብ ኣስመራ ምስ ተበገስኪ ዘጓጠመኪ ኩነታት እንታይ እዩ ነይሩ?**

ፈልሞን ወደይን ኣቦኡን ክሳብ ዒላበርዕድ ምስ ኣፋነውኒ፡ ናብ ኣስመራ ከይኣተኹ እንከለኹ፡ ማለት ኣብ ሰረጀቓ ምስ በጻሕኩ፡ መሬት ሃንደበት ብጽዕጹዕ ተኾሲ ክናወጽ ጀሚሩ፡፡ እቲ ብዝንቀጥቀጥ ድምጺ ሃምታ ዝዘሰሐ ብርቱዕ ማሕታ ደብዳብ ነፈርትን መዳፍዕን ልክዕ ከም'ዚ መሬት ካብ ሰማይ እሳት ዝዘንብ ዘሎ'ዩ ዝመስል ነይሩ፡፡ ሽዑ ብምሕር ሰንብደ ዝኣክል፡ ብዘይ ቀልበይ ናብ ሽማግለስ ሳዕላይ ሃዲመ ኣብ እንዳ ንዕልትታተይ ተዓቍቡ፡፡ ኣብቲ ዓዲ ምስ ኣተኹ'ውን እተን ኣብ ማዕዶና ዝነበራ ዓድታት (ኣፍደዩን ጹሓፈላምን) ብነፈርትን መዳፍዕትን ክድብደባ ህድሞታተን ክቃጸላን ስለ ዝጀንሓኒ፡ ልበይ ክትረግእ ኣይከኣለትን፡፡ ኩብዱ ሓቝፉ እዝዮ ክብል ዝሓደረ ህዝቢ ሽማግለስ እውን ዕጫ ናይ'ተን ጎደቦ ዓድታት ከይገጥሞ ስለ ዝሰግአ፡ መሬት ምስ ወግሐ መረብቱ ጠንጢኑ ክሃድም ጀሚሩ፡፡ ኣነ ድማ ከም ሰብይ ክሃድም ስለ ዘበርኩ፡ እተን ንዕልትታተይ ሓዘን ናብ ዓዲ በደል ኣሰበረናኒ፡፡ ካብኡ ብዝጊ፡ ዓዲ ያዕቆብ፡ ዓዲ ቁንጺ ኣብለ ጻዕዳ ክርስትያን ኣትዩ፡፡ ግና ብምሕር ድኻም ወላእላእ ኣለ ምኽድ ስለ ዝሰኣንኩ፡ ምስኡ ከኣ ወጽኣት ሓሚመ ሓዲለይ ስለ ዝደኸምኩ፡ ኣብ መሬት ረፈጥ ኣለ ኣይንላዕሲ ኣይንታሕቲ ኮይኑ፡፡ ሽዑ ኣብ ሓንቲ ካብ ኣስመራ ሓተላ ግለት እተመላልስ ሰረገላ ኣስቂሉም ናብ ኣስመራ ኣፋንዮምኒ፡፡ ካብታ ካብ ከረን ዝተበገስኩላ ዕለት ከኣ ድሕሪ 10 መዓልቲ ኣስመራ ኣትዩ፡፡

ኣስመራ ክኣቱ እንከለኹ ትርኢተይ ልክዕ ጽልልቲ እያ ዝመስል ነይረ፡፡ እቲ ዝገርም ድማ እዚ ኩሉ ጭንቂ ከሕልፍ፡ ምዝላቕ ኮይኑ ከረን ኣብ ኢድ ጸላኢ ከም ዝኣተወት ክፈልጥ ዘይምኽኣለይ እዩ ነይሩ፡፡ ግዛ ምስ ኣተኹ እያ ከረን ብጸላኢ ከም ዝተታሕዘት መርድእ ተነገረ፡፡ ሽዑ ዝዘሰምዒ ስንብደን ጓሂን ክገልጾ ቃላት ኣይረኽበሉን እዩ፡፡ "እዋይ ኣነ ቅርሰስቲ! ደቀይ ከጥፍእ ኢለ'የ ናብ ከረን ከይደ ቀንየ!? እዋይ ኣነ ተካሊት!" እናበልኩ ዝሕዞን ዝጭብጦን'ዩ ጠፊኡኒ፡፡ ኣይሂ ንብዮት እናንብዕኩ'ውን ብዙሕ በኺዩ፡፡ ሓለፍቲ ስራሕና ሽዑ፡ "ለምለም ብዘይ ፍቓድና ካብ ስራሕ ካብ እተብኩር 10 መዓልታት ኣሕሊፉ ስለ ዘሎ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ናብ ስራሓ ክትምለስ እንተ ዘይክኣላ፡ ስራሕ ብጦዕኡ ፍቓዳ ከም ዝገደፈቶ ቆጺርና ካብ መዝገብ ክንሰርዛ ኢና፡" ዝብል ወረቐት ኣብ ቦርድ ጠቒዖምለይ፡፡ ኣነ ከኣ ንጽባሒቱ ከም'ዛ ዋላ ሓንቲ ዘይተገብረ ከም'ዛ ዘይፈለጥኩ ክዓውንትየ ቀያይረ መኪናይ ኣልዒለ ናብ ስራሕ ተበገሰ፡፡ እትው ምስ በልኩ፡ ነታ ሆስፒታል ዝበጽብጻ ዝነበረ ሻምበል ጥኝ ንገሰ ዝበሃል ኣምሓራይ ደረኽበ'ሞ፡ "ኣብይ ቀኒኺ?" ኢሉ ይሓተኒ፡፡ ተጻለኣኒ ኣብ ገዛ ከም ዝቐነኹ ምስ ነገርኩዎ፡ ክጥርጥረኒ ስለ ዘይከኣለ፡ "እሞ ጅግና ሰራዊትና ንከረን ከም ዝተቖጻጸራን ኣብታ ከተማ ንዝነበሩ ኩሎም ወምበዴታት ብታንክታት ሓምቲሉ ከም ዘጥፍኦምን ፈሊጥኪ ዲኺ?" ይብለኒ፡፡ ክምልሰሉ ኣይከኣልኩን፤ ሓሳዊ ምኽኑ ኣዕዕይ እናፈለጥኩ፡ እቲ ዝበሎ ሓቂ ከይከውን'ሞ እንተላይ ደቀይ ብፆም ጨካናት ወተሃደራት ኢትዮጵያ ጠፊኦም ከይኮኑ ስለ ዝተጠራጠርኩ፡ መለሰ ሰጋእኩን ሽቐልቀል በልኩን፡፡ እዚ ከቢድ ሻቕሎት'ዚ፡ ንቕልበይን ወኒይን ዘቢኑ ናብ ሓደጋ መኪና'ውን ክእትወኒ ክኢሉ'ዩ፡፡

**ብድሕሪዚ ናብ ስዳት ኣምሪሕኪ ማለት ድዩ?**

ቅድሚ ናብ ስዳት ምንቃለይ ንዝዋሕ ግዜ ደሃይ ደቀይን ብፁል ቤተይን ስኣነ ኣይጥዕይቲ ኣይጽልልቲ እየ ኮይነ ነይረ፡፡ ድሓር ግን ኩነታተይ ብቐረባ ዝፈልጥ ዝነበረ መተዓብይተይ ሰወእ ወልደሽክሄል ኣብርሃ (ሚኒስተር) ብስራሕ ምኽንያት ናብ ዓዲ ጥሊያን ምስ ከደ፡ "ለምለም ኣይትሻቐሊ፡ ደቅኺ ኣርባዕተኦም ካብ ከረን ናብ ዜሮ ዝበሃል ውሑስ ቦታ ኣትዮም ኣለው፤ ኣብኡ ድማ ጽቡቕ ኣለው በሉዋ፡" ኢሉ ብመንገዲ ሓንቲ ዘመደይ ናይ ብስራት መልእኽቲ ልኢኹለይ፡፡ ብድሕሪኡ'ውን ሰወእ ጸዋ ብርሃ (ኮሎኔል)፡ ምሳይ ጽቡቕ ርክብ ስለ ዝነበሮ፡ ኑዩም ገዛ ተኻርያሎም ዝነበርኩ እንዳ ፊተውራሪ እምባዩ ጉብረኣምላኽ ከኣ ወዲ ሓወቦኦም ስለ ዝነበረ፡ "ደቅኺ ደሓን ኣለው፣ ብመዓልትኺ ክትረኽብዮም ስለ ዝኾንኪ፡ ክሳብ ሽዑ ርግእ በሊ፡" ኢሉ ደሃይ ይልእኽለይ፡፡ ኣነ ግን ምልእ ብምልእ ክኣምን ኣይከኣልኩን፡፡ እቶም ገዛ ዝተኻረኹሎም ሰድራ (እንዳባይ እምባዩ) መርዓ ስለ ዝነበሮም፡ መታን መርዓኦም ጽቡቕ ገይረ ተዓጢቐ ከሕልፈሎም ኢሎም ዘሸወዲ ዘለው ኮይኑ'ዩ ተሰሚዑኒ፡፡

ክሳብ 1980፡ ካብ ሜዳ ዝመጽእ ወይ ናብ ሜዳ ዝኸይድ ሰብ ስለ ዘይነበረ፡ ደሃይ ክትረክብ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ ነይሩ፡፡ በዚ ምኽንያት፡ ኣነ ሽቐልቀል ምስ ኣብዘሕኩ፡ ገለ ሰባት፡ "ለምለም፡ ተጋደልቲ መጺኦም ካብ ኣስመራ ኣምሊቖም ናብ ደቅኺ ከይወስዱኺ፡ ከምኡ ኢልኪ ሓንኽስ እናበልኪ መንገዲ ክትከፍቲ ስለ ዘይትኽእሊ ኣይከውንን እዩ፡ እታ ሓንቲ ዘላትኪ ምርጫ፡ ናብ ሰውድያ ትኸዲ'ሞ፡ ኣብኡ ናይ ህዝባዊ ግንባር ናይ ተጋድሎ ሓርነት፡ ናይ እንዳ ሳባ ኣብዮት ጽሕፈት ስለ ዘሎ፡ ብመንገዶም ኣቢልኪ ደሃይ ደቅኽን ብፁል ቤትክን ተጣልለ፡" ይብሉኒ፡፡ ሓቂ ይሓይሹ፡ ኣብ ህይወተይ ክሰደድ ኣለ ሓሲበዮ ኣይፈልጥን ነይረ፡ ካብ ኣስመራ ዝሓይሽ ዓዲ'ውን ኣሎ ኣለ ኣይኣምንን ነይረ፡ ምእንቲ ደቀይ ክብል ግን ነቲ ናይ ስደት ምኽሪ ተቐቢለዮ፡፡ ዕድለይ ጸቢቑ ከኣ ናብ ሰውድያ ብዘይ ሽግር ኣትዩ፡፡

**ብዘይ ሽግር ኣትየ ክትብሊ ከለኺ ከመይ ማለት'ዩ?**

ደቂ ሓትኖኡ ንብፁል ቤተይ፡ ኣደኣን ክርኢያ ኢለን ካብ ሰውድያ ናብ ኣስመራ ምስ መጻ፡ ብዛዕባ ኩነታተይ ይዋሃኣወን'ሞ ክበጽሓኒ ኢለን ገዛ ይመጻ፡ ሽዑ፡ "ናብ ሰውድያ ግዳ ዘይትወስዳኒ?" ይብለን፡፡ ንሳተን ከኣ፡ "ንሕና ክንወስደኪ ኣይንኽእልን ኢና፤ እግረይ ተዛሪመ ኢልኪ መዳኻል ቦርድ ገርኪ ግን ክትመጺ ትኽእሊ ኢኺ፡" ይብላኒ፡፡ ኣነ ግን ሽዑ እግረይ ናብ ምሕዋይ ገጹ ትኸይድ ስለ ዝነበረት፡ መዳኻል ቦርድ ክብለኒ ከም ዘይክእሉ ተረዲአ ንምኽረን ኣይተቐበልኩዎን፡፡ ኣብ ክንድኡ ከኣ ሓደ ዝሓሸ ሓሳብ ኣቐሪበሎን፡፡ "በላ ኣነ እቲ ንዓይ ናብ ሰውዲያ ንምእታው እትሕተታኣ ገንዘብ ሕጂ ኣቐዲመ ክኸፍለክን'ሞ፡ ሽዑ ወረቐተይ ኣሳሊጥክን ክተእትዋኒ" ይብለን፡፡ በዚ ምስ ተሰማማዕና፡ ኣነ ነታ ብ3 ሽሕ ብር ዝተዓደግኩዋ 'ፊያት 850' ዝዓይነታ መኪናይ ክሸጣ ወሰንኩ፡ ብዘጋጠማ ሓደጋ ምሽምማል ተጨፍሊቓ እንከላ ከኣ ከምታ ዋጋኣ ብ3 ሽሕ ብር ሸይጠያ፡፡ ብድሕሪዚ፡ ነቲ ናይ ሺያጥ መኪናይ ገንዘብ ሓዘ ትኬት ከቕርጽ ናብ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ንኸይድ እሞ፡ ኣስመራ - ጅዳ መኸድን መምለስን እተን 3,000 ብር ናይ ሺያጥ መኪናይ ቀጥ ኣለን ይኣኽላ፡፡ እተን ሃዕልተይ (ደቂ ሓትኖኡ ንብፁል ቤተይ) ድማ፡ 300 ዶላር ክሰዓለይ ምኻነን ቃል ይኣትዋለይ፡፡ ምኽንያቱ ትሕጃ ከየርኣኻ እቲ መጆሻ ክሰልጥ ይኽእል ስለ ዘይነበረ፡፡ ብድሕሪዚ፡ "መርዓ ስለ ዘለና፡ ለምለም ኣብ መርዓና ክትውዕል፡" ብዝብል ምኽንያት ካብ ሰውድያ ዕድመ (invitation) ይሰዳለይ፡፡

ብድሕሪዚ፡ ኣነ ፓስፖርት ቀልጢፈ ከውጽእ ስለ ዝነበረኒ፡ ኣደይ ምሳይ ኣስመራ እንከላ ኣዲስ ኣበባ ዝነበረት ጓል ኣሞይ፡ "ኣደኺ ብጽኑዕ ሓሚማ ስለ ዘላ ሕጂ ቀልጢፍኪ ኣዲስ ኣበባ ጥብ በሊ፡" ዝብል ጽሑፍ ብቴለግራም ከም እትሰደለይ ይገብር፡፡ ነቲ ጽሑፍ ሒዘ ከኣ፡ "ኣደይ ሓሚማ ኣላ'ሞ ኣዲስ ኣበባ ከይደ ክርኢያ" ይብሎ ንሓደሽ ኣመሓዳሪና ከበደ ተፈራ፡፡ ቅድሚኡ፡ በዓል ገብረንጉስ ዝተባህለ ኤርትራዊ'ዩ ነይሩ ኣመሓዳሪ ናይቲ ሆስፒታል፡፡ ብዲግሪ ዝተመረቐ ምሁር እዩ ነይሩ፡፡ እንተኾነ፡ ከበደ ተፈራ ኢትዮጵያዊ ስለ ዝኾነ፡ ደረጃ ትምህርቱ 9ይ ክፍሊ እንከሎ፡ መታን ኣመሓዳሪ ክኾውን'ሞ መሃያኡ ከኣ ብኡ መጠን ክብ ክብል፡ ነቲ ኣሎም ካብ ኢትዮጵያ ናብ ኣስመራ ኣምጺኦም ኣብ ቦታ በዓል ገብረንጉስ ኮፍ ኣቢሎሞ፡፡ ኣመሓዳሪ ተባሂሉ'ውን ወርሓዊ ደሞዙ ናብ 800 ብር ክብ ኢልሉ፡፡ ንሕና ከኣ እናከሳብቱ ናብ ኣዲስ ኣበባ ሰዲዶም፡ ኣብኡ ከም ዝድስክል ገይሮሞ፡፡

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ብምኽንያት እቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ወግእ፡ ዝቖሰሉ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ዝሕከሙን ዝኣልየምን ከይሰኣኑ ተባሂሉ ኣብ ስራሕና ዓመታዊ ዕረፍቲ 10 መዓልቲ፡ መርዓ ድማ 5 መዓልቲ ጥራሕ'ዩ ዝፍቀድ ነይሩ፡፡ ብዘወሳኺ፡ ናብ ማእከል ኢትዮጵያ ጥራሕ እንተ ዘይኮይኑ፡ ናብ ዝኾነ ክፋል ኤርትራ ክትገይሽ ፍቓድ ኣይነበረን፡፡ ስለ ዝኾነ፡ ከበደ ተፈራ ነቲ ዘቕረብኩሉ ፊጠራዊ ምኽንያት ክጸጎ ኣይከኣለን፡፡ ምኽንያቱ፡ መሻዪ ናብ ኣዲስ ኣበባ ይብል ስለ ዝነበረ፡፡ ነደይ'ውን "ንኣዲስ ኣበባ ክኸይድ ክብል፡ ከይሓመምኪ ኣሕሚመኪ ኣለኹ ኣይትሓዝለይ፡" ምስ በልኩዋ፡ ንሳ ከኣ፡ "ጥራይ ይሰለጥኪ'ምበር ዋላ ኣሙትኒ" ኢላትኒ፡፡ በዚ ድማ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይደ ፓስፖርተይ ኣውጺኤ፡፡ ብድሕሪዚ ግን ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ኣስመራ መምለሲ ስኢነ፡ ብፉራት ከይምለስ ድማ ሪጋ ሒዝካ ኣዋርሕ ኢኻ ትጸብ፡፡ በዚ ምኽንያት ዓቕለይ ጸበበኒ እንከሎ፡ ንበዓል ገብረንጉስ ኣብ መንገዲ ብትፍታ ይረኽቦ'ሞ፡ ንሱ ከኣ፡ "ከበደ ተፈራ ናይ ስርሑ ንብረትን ሰነዳትን ከረክብ ኢሉ ናብ ኣዲስ ኣበባ መጺኡ ስለ ዘሎ፡ ናብ ኣማኑኤል ሆስፒታል ኬድኪ ርኸብዮ'ሞ ሸገርኪ ንገርዮ፡" ይብለኒ፡፡ ሓቂ'ዩ፡ ነታ ደሞዛ ክብልዩ ንብረቱ ከየረከበ ብሃታሃታ ናብ ኣስመራ ከይዱ ነይሩ፡፡ ብዘኾነ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሓደ መተዓብይተይ ዶክተር ነይሩ (ኣደኡ ኤርትራዊት ኣቦኡ እንግሊዛዊ እዩ)፡ ብመኪንኡ ገይሩ ናብቲ ሆስፒታል ወሲዱኒ፡፡

ፈለማ ኣይረኸበኩምን - ከይዱ ጸኒሑኒ፡፡ ቁጽሪ ስልኪ ገዲፈሉ ስለ ዝነበርኩ ግን ድሒሩ ደዊሉለይ፡፡ "ኣርባዕተ ኣቦላትካ ማለት፡ ኣነ፡ ዶ/ር ማርያና (ቡልጋርያዊት ሓኪም ናይ ቈልዑ እያ)፡ ሰስተር ኣልጋሽ ዓንደማርያም (ኣሕረሲት እያ)፡ ኢልሳ መኮንን፡ ድሓር ወማብደኽን ኢልኩም ከይትኸሰና ኣፉራት ሰኢንና ኢና ኣብዚ ኮፍ ኢልና ዘለና፡" ይብሎ፡፡ ንሱ ከኣ፡ "እሞ ኣፉራት እንተ ሰኢንክን ጸባሕ ክመጽእ እየ'ሞ ኣርባዕተኸን ናብ ሚኒስትሪ ጥዕና ተታሓሒዘክን ምጺ ኣብኡ ክጸንሓክን እየ፡" ይብለኒ፡፡ ከምታ ዝበሎ፡ ንብጹተይ ሓቢረ ኣርባዕተና ናብቲ ሚኒስትሪ ንኸይድ'ሞ፡



ሚኒስተር ተፈራ ወንዴ ዘይተጸበናዮ ብፍሽሕው ገጽ ይቕበለና፡፡ ብኽብሪ ኮፍ ኣቢሉ ምስ ኣዘራረበና፡ "እዚኦተን ኣርባዕተኣን ኣገደስቲ ሰብ ሞያ ጥዕና ስለ ዝኾና፡ ንመንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ከይተጸበኹም ቀልጢፍኩም ብኣንቶኖቭ ናብ ኣስመራ ሰዲዱወን፡" ዝብል ወረቐት ይጽሕፈልና፡፡ ምስቲ ሓለቓና ናብ ሓደ ቤት መግቢ ወሲዱ'ውን የድረረና፡፡ መቸም ኣነ ናይ ሰጋይ ኣይውዳእን እንደዩ፡ እናተደረርና ከለና እንታይ ይብሎ፡ "እሞ ክቡር ሚኒስተር፡ መምጽእን መምለስን ትኬት ናይ ኣየር ደኣ ከፊልና ነይርና - ክምለሰልና ይኽእል ድዩ?" ኢለ እሓቶ፡፡ ኣይተማትኣን፡ "ገንዘበን ይመለሰለን" ዝብል ህጹጽ ወረቐት ጽሒፉልና፡፡ ብኡ መሰረት ከኣ ኣርባዕተና ገንዘብና ስለ ዝተመለሰልና፡ ሸኮርን ካልእ ኣብ ኣስመራ ተሳኢኑ ዝነበረ ኣስቤዛታትን ሸማሚትና፡ ድሕሪ ሳልስቲ ብንብረት ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ዝኾነት ኣንቶኖቭ ዝዓይነታ ነፋሪት ገልጠምጠም እናበልና ኣስመራ (ሓይሊ ኣየር) ኣቲና፡፡ ብድሕሪዚ፡ ኣነ ኣብ ኣስመራ ነዊሕ ከይጸናሕኩ፡ ትኬተይን ፓስፖርተይን ሓዘ ብመንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ናብ ሰውድያ በሪረ፡፡ ግን ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ጅዳ ምስ ወረድኩ፡ እቶም ሰውዳውያን ፓስፖርተይ እንተ ርእዮም፡ ኢንትሪ ቪዛ ከይተዛረመሉ ይጸንሕዎም፤ ሽዑ ከም ዓቢ ገበን ዝፈጸምኩ ሓዘዋ ሓዘዋ ይኸውኑ፡፡

**ይቕጽል . . .**

**ከድጃ ኢብራሂም**

### መኣረምታ

ኣብ ዝሓለፈ 2ይ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ፡ ምሩኻት ተጋደልቲ ካብ ቤ/ማእሰርቲ ሰምባል ናብ ሆስፒታል መካ ሂወት ንኽመላለሱ ዝተሓብበር ዝነበረ መልኣከ ቀለታ ዝተባህለ ሓኪም፡ ሕጂ'ውን ብህይወት ከም ዘሎ ተጠቒሱ ነይሩ፡፡ እዚ ግን ጌጋ ኮይኑ፡ መልኣከ ሕጂ ብህይወት ከም ዘየሎ ምስናይ ይቕሬታ ንሕብር፡፡



# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ማእከል - ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዝዮን 'ኤ' ፈሊሙ

### ኣዱሊስ ፈላሚ ዓወት ተቓዲሳ

ዝሓለፈ ሰንበት ብናይ ዋንጫ መን ዓተረት ወግዓዊ መኽፈቲ ዝተኻየደሉ ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዝዮን 'ኤ' 2025-2026 ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብቐድሚ ትማሊ፣ ኣብ መንጎ ጋንታታት ኣዱሊስ ምስ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ከምኡ'ውን ኣልታሕሪር ምስ ማይተመናይ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብዝተኻየደ ጸወታ ፈሊሙ።

ኣብቲ ዕለት፡ ቀዲመን ናብ ሜዳ ዝወረዳ ኣዱሊስ ምስ ኩባንያ ህንጻ ሰገን እየን። ዝሓለፈ ዓመት ብዘበራ ትሑት ወጽኢት ናብ ታሕተዋይ ዲቪዝዮን ከይትምለስ ንደገፍታ ኣብ ዓቢ ሻቕሎት ኣእትያ ዘበረትን ንኽእላ ደማ ካብ ምምላስ ድሒና ህላወኣ ዘውሓሰትን ዓብይ ክለብ ኣዱሊስ፡ ሎሚ ዓመት ካብ ኣሰልጣኒ ኣትሒዛ ክሳዕ ተጻወትቲ ዓቢ ምቅይያር ብምግባር ናብዚ ፈላሚ ውድድር ናይ'ዚ ዓመት ኣትያ።

ኩባንያ ህንጻ ሰገን ብዮዩኤ ናብ ሱፐር ዲቪዝዮን ኤ ቀዳመይቲ ኩይና ብምድያባ ምስ ምሉእ ሞራላ'ያ ናብ ግጥም ኣንጻር ኣዱሊስ ኣምሪሓ።



ማእከላይ ዳኛ ጸወታ ንኽጅመር ፊጽካ ምስ ኣፍሉ፡ ኣዱሊስ ናብ ምጥቃዕ ብምምራሕ፡ ኣብ መበል ክልተ ደቒቕ ካብቲ ካብ ደንደን ዘምጸኣቶ ብንያም ግርማይ ሽቶ ብምርካብ መራሕነት ጨቢጣ። ተጻዋታይ ሰገን ኣብ መበል 19 ደቒቕ ናብ ገዛእ ልዕቱ ሽቶ ብምምዝጋቡ ኸኣ መራሕነት ኣዱሊስ ክደላደል እኽሉ። ኣብ መበል 34 ደቒቕ ካብ ሄርሞን እስቲፋኖስ ሽቶ ብምርካቡ ናብ ዕረፍቲ 3-ብ0 መራሓ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ ተመሓይሻ ዝኣተወት ሰገን፡ ኣብ መበል 65 ደቒቕ ካብ ሚሮን ኣለምሰገድ ሽቶ ብምርካብ ናብ ጸወታ ክትምለስ ክኢላ እኳ እንተ ነበረት፡ ብንያም ግርማይ ንሰኡን ንጋንትኡን ኣብ መበል 90 ደቒቕ ካልኣይቲ ሽቶ ብምምዝጋቡ፡ እዛ ተሓዲሳ መጺኣ ዘላ ኣዱሊስ፡ 4-ብ1 ተዓዊታ ክትወጽእ ክኢላ።

ክልተ ሽቶታት ዘመዝገበ ብንያም ግርማይ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰምዩ።

ዝቕጽለ ግጥም፡ ዝሓለፈ ዓመት ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ ዝዛመተ ኣልታሕሪር ምስ ማይተመናይ ዘራኸበ ጸወታ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ሓያል ተወዳዳርነት ዝተራኣየሉ ግጥም፡ ብኽልቲኤን ጋንታታት ሽቶ ናይ ምኻን ተኽእሎ ዝበረን ፈተነታት እኳ እንተካየዱ ዝሰለጣ ግን ኣይነበረን። እቲ ግጥም ድማ ብናይ ሓብር ዓወት 0-ብ0 ተዛዚሙ። ሓላዊ ልዳት ማይተመናይ ኤሬትሮስ ኣብራሃለይ ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ኮይኑ ተረቒሑ።

ግጥማት ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዝዮን ኤ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት ሰዓት 1፡30 ድ.ቐ ኣስመራ በራ ምስ ቀይሕ ባሕሪ፡ ከምኡ'ውን 3፡30 ድ.ቐ ኩባንያ ሰምባል ምስ ደንደን ብዝካየድኦ ጸወታ ክቕጽል'ዩ።

## ሃገራዊ ውድድር ኵዕሶ 'ፉትሳል' ጽባሕ ክዛዘም'ዩ

ብ16 ታሕሳስ 2025 ዝጀመረ ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ፋትሳል፡ ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ግጥማቱ ከሰሰል ድሕሪ ምጽናሕ ጽባሕ ሰንበት ብዝካየድ መዛዘሚ ውድድራት መጋረጃኡ ክዕጾ'ዩ።

ትማሊ ዓርቢ ንዞባ ማእከል ምስ ጋሽ ባርካ ኣብ ዘራኸበ ግጥም፡ ዞባ ማእከል ዓብላሊ ብቕዓት ብምንጽብራቕ ንመዘንአ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብሰፊሕ ፍልልይ 11-ብ5 ኣሲፋታ።



ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት ድማ፡ ካብ ፈለማኡ ሓያል ተወዳዳርነትን ብቕዓትን ዝተንጸባረቐሉ ኣብ መንጎ ዞባ ማእከልን ዓንሰባን ጸወታ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብዚ ግጥም ተጻወትቲ ዞባ ማእከል ዋላ'ኳ ንቐዳሞት ደቓይቕ ናይቲ ግጥም ብመራሕነቶም እንተቐጸሉ፡ ተጻወትቲ ዞባ ዓንሰባ ኣብ ካልኣይ እብረ ናይቲ ግጥም ብዘርኣይዎ ወህደትን ተደጋጋሚ መጥቃዕትታትን ንዘበረ ናይ ጸወታን ነጥብን ጋግ ከጽብብዎ ብምኽኣሎም፡ ክሳዕ ምዝዛም ጸወታ ንተዓዘብቲ ዝመሰጠ ግጥም ኮይኑ ቀሪቡ። ኣብ መዛዘሚ ድማ እቲ ንተዓዘብቲ ዝመሰጠ ግጥም 16-ብ13 ብዝኸስ ወጽኢት ብዓወት ተጻወትቲ ዞባ ማእከል ተፈጺሙ።

እዚ ሃገራዊ ውድድር ፋትሳል፡ ሎሚ ቀዳም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ብዮጥም ሕሩያት ጋንታታት ዞባ ጋሽ ባርካን ዓንሰባን ቀጺሉ ድሕሪ ምውዳኡ፡ ጽባሕ ሰንበት 21 ታሕሳስ 2025 ኣብ መንጎ ዞባ ዓንሰባን ማእከልን ብዝካየድ ግጥም ክዛዘም'ዩ።

## ናብ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 ዘምርሑ ተጻወትቲ ፕሪመር ሊግ

### ዋንጫ ኣፍሪቃ መቐረሪ ሊግ ኤውሮጳ

ካብ ሳላሕ ክሳዕ ሓኪሚ ሳዕለዎት ከዋኽብቲ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ዝርኣዩሉ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025፡ ጽባሕ ሰንበት ብዮጥም ኣኣንጋዲት ሃገር ሞሮኮ ምስ ኮሞሮስ መጋረጃኡ ክኸፍት'ዩ።



ኣብዚ ካብ 21 ታሕሳስ ክሳዕ 18 ጥሪ ዝካየድ ኣህጉራዊ ግጥም፡ 32 ተጻወትቲ ካብ 14 ዝተፈላለያ ክለባት እንግሊዝ ማለያ 24 ሃገራት ኣፍሪቃ ለቢሶም ኑታ ዝለዓለት ዋንጫ ኣፍሪቃ ክሃድኑ ክፋለሙ እዮም።

ናይ ሎሚ ዓመት ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ኤውሮጳውያን ጋንታታት ኣብ ወሳኒ መድረኽ ዘቤታዊ ግጥማትን ሻምፕዮንስ ሊግን ኣብ ዘለዋሉ መድረኽ ይካየድ ብምህላዉ ኸኣ፡ ብርክት ዝበሉ ክለባት ቀንዲ ዝኣትወን ክሰኑ ኸለዋ፡ እተን ምስ ቅንያት በዓል ልደትን ሓደሽ ዓመትን ኣብ ግጥማት 'ቦክሲን ማች' ዝጽመዳ ክለባት እንግሊዝ ግን ሕልፈ ካልኦት ዝሀሰያ ክኾና'የን።

መራሕት ፕሪመር ሊግ ጨቢጣ ዘላ ኣርሰናል፡ ናብ ሞሮኮ ዘምርሕ ተጻዋታይ ዘይብላ ብምኻና፡ መራሕነታ ክተደላድል ዘይእግማ ክለብ ኩይና ኣላ። እግሪ እግሪ ኣርሰናል ዝሰዓባ ዘለዋ፡ ኣስቶን ቪላን ቸልሲን ብዮጊደአን ብዋንጫ ኣፍሪቃ ዘይህሰያ እየን። ቦርንማውዝ፡ ሊድስ ዩናይትድን ኒውካስልን'ውን እተን ዘይትንከፋ'የን።

እታ ሸዱሽተ ተጻወትታ ናብዚ ግጥም እትልእኽ ሳንደርላንድ ሕልፈ ካልእ እትህሰ ክለብ ምኻና ብኣግኡ ተገሚቱ ይርከብ። ማስመር ምክልኻል ሳንደርላንድ ዘጽንዑ ኖህ ሳዲኪን ናይ ጺጋም ተኸላኻላይ ሬኒዶን ናብ ሰሜን ኣፍሪቃ ዝጉዓዙ ብምዃናም፡ ሳንደርላንድ ነዚ ወርሒ ኣብ ምስጋር ክትሸገር'ያ። ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ፋልሃምን በርንሌይን ሰለስተ ተጻወትቲ ናብ ሞሮኮ ክልእኣ'የን። ብኣታዊ ወጻኢ ብቐዓት ትጻወት ዘላ ዩናይትድ፡ ኑየም ጽቡቕ ወህደት ፈጢሮም ዘለዉ ኣማድ ድያሎን ብርያን እምቤሞን ምስ ማዘራዊ ሓዊሳ ተፋንዎም ብምህላዋ፡ "ኣብ ርእሲ ሕበጣ…." ክኾና'ዩ።

ቶተንሃምን ማንቸስተር ሲቲ'ውን ክልተ ተጻወትቲ ናብ ሞሮኮ ዝሰዳ'የን። ሲቲ፡ ንርያን ኣይቲ-ኑሪን ዑመር ማርሙሽን ናብ ሞሮኮ ትሰድድ ብምህላዋ፡ ኣብ ጺጋማይ ሸነኽ ሃጓፍ ኪጋጥማ'ዩ። እንተ ቶተንሃም፡ ክልተ ተጻወትቲ ብምልኣኻ ሃጓፍ ክትረኽብ እኳ እንተ ኾነት፡ ኣጥቃዓያ መሓመድ ቁዱስ ምስኣ ዘተርፍ ብምኻኑ ግን ዕድል ገይራ ትርከብ።

ኣብ ቅልውላው ትርከብ ሊቨርፑል ሓደ ተጻዋታይ እኳ ተፋኑ እንተ ኾነ፡ መሓመድ ሳላሕ ብምኻኑ ግን ክንዲ ብዙሕ ዝረአዩ። ከም ካርሎስ ባለባ፡ ኣሮን ዋንብሳካ ዝኣመሰሉ ከዋኽብቲ ናይ'ዚ ሊግውን ናብ ሞሮኮ ዘምርሑ ተጻወትቲ እዮም።

ኣብዚ ሓደ ወርሒ ዝወስድ ግጥም፡ ብሰንኪ ዋንጫ ኣፍሪቃ 32 ተጻወትቲ ዝኸሰርዎ ፕሪመር ሊግ፡ ክለባቶም ጥራይ ዘይኮኑ፡ እቲ ሊግ ንገዛእ ርእሱ'ውን መቐረርቱ ዝትንክፍ ምኻኑ ናይ ብዙሓት ግምት'ዩ።

## ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ሽልማት 'ወርቃዊት ኵዕሶ' ዓቲሩ

### ጀይኮረሽ፡ ንኢሳቕ ረቲዕዎ

ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ረቡዕ 18 ታሕሳስ ንብሉጽ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ሽወደን ዝውሃብ 'ጉልደባለን'፡ ናይታ ሃገር ዝለዓለ ሽልማት ኩዕሶ እግሪ ዓቲሩ።



ኣሌክሳንደር፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ሽወደን ዝሓለፈ ዓመት ብዘርኣዮ ዝለዓለ ውልቃዊ ብቕዓትን ብሉጽ ወጽኢትን ኢዚ ሽልማት ክዕትር በቒዑ።

ምስ ሊቨርፑል ኣብ ምጽዋት ዝርከብ ወዲ 26 ዓመት ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ሽቶ ናይ ምምዝጋብ ክእለቱ፡ ኣብ ሜዳ ዘርእዮ ናይ ምምራሕ ዓቕሙ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ብዘመዝገበን ወሰንቲ ሽቶታትን ምስ ክለቡ ወለም ዘለም ዘይብል ትግባረ ብምንጽብራቑ ሽልማት ወርቃዊት ኩዕሶ ሽወደን ክጭብጥ ክኢሉ።

ሽልማት 'ጉልደባለን'፡ ተጻወትቲ ኣብ ሃገራውን ኣህጉራውን ግጥማት ብዘንጸባረቕዎ ክእለት ተራእዩ፡ ሽወደናውያን ጋዜጠኛታትን ክኢላታትን ብዝሀብዎ ድምጺ ዕወት ዝርቋሕ'ዩ። ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ከኣ፡ ኣብ ዓመተ 2025 ብዘመዝገቦ ሽቶታት፡ ብልዑል ዋጋ ናብ ሊቨርፑል ክሰጋገር እንከሎ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓወት ሃገራዊት ጋንታ ሽወደን ናይ መሪሕነት ተራ ብምጽዋቱ ምርጫ ናይዞም ክኢላታት ክኸውን ክኢሉ። እዚ ሽልማት ከኣ፡ ኣሌክሳንደር ናይ ሽወደን ዝለዓለ ተጻዋታይ ጥራይ ምኻኑ ዘይኮነ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት'ውን ዝደምቅ ዘሎ ኮኾብ ምኻኑ ዝምስክር'ዩ።

ሽልማት 'ጉልደባለን' (ወርቃዊት ኩዕሶ) ሽወደን፡ ኣብ 1946 ዝፈለመ ኾይኑ፡ ቅድሚ ሕጂ ከም ዝላታን ኢብራሂሞቪችን ገናር ኖርዳልን ክዕትርዋ ዝኸኣሉ'ዮም።

እዚ ከምዚሉ ከሎ፡ ኣጥቃዓይ ኣርሰናል ቪክቶር ጀይኮረሽ ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ በሊጹ ዝበለጸ ኣጥቃዓይ ሽወደን ኮይኑ ተሸሊሙ።

ጀይኮረሽ፡ ብፍሉይ ቅድሚ ናብ ኣርሰናል ምስግጋሩ ኣብ ፖርቱጋል ምስ ስፖርቲን ኮይኑ ብዘንጸባረቖ ክእለት እዚ ሽልማት ክዕትር ዝኸኣለ'ዩ። እዚ ዋሕስ መስመር ምጥቃዕ ኣርሰናል ኮይኑ ዝርከብ ሽወደናዊ ተጻዋታይ፡ ኣብዛ ዓመት ኣብ ኩሉ ግጥማት 54 ሽቶታት ብምምዝጋብ ጸብለል ክብል ክኢሉ።

## ምፍጣጥ ማግፒስን ሰማያውያንን ኣብ ሴንት ጀምስ ፓርክ

ድሕሪ ወርሒ ግዝኣት ንፈለማ ግዜ ኒውካስልን ቸልስን ኣብ 'ሴንት ጀምስ ፓርክ' (ሜዳ ኒውካስል) ክራኸባ እየን። ርክብ ናይ'ዘን ክለባት ከኣ፡ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ግጥማት መበል 17 ሰሙን ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኮይኑ ይርከብ።

ህልው ምስሊ ኒውካስል

ኒውካስል፡ ሰዑዳውያን ሰብ ሃብቲ ካብ ዝገዝእዋ ዝሓለፈ ወቕቲ ኣብ ምሕላፍ'ያ ትርከብ። ድሕሪ ፍርቂ ግጥማት ናይዚ ወቕቲ ኣብ ማእከላይ መሰልል ፕሪመር ሊግ ትርከብ። ኒውካስል፡ ተሳትፎ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምውሓስ ኣብ ትቃለሰሉ ዘላ ግዜ ድማያ፡ ሎሚ ምስ ቸልሲ ጸወታ ከተካይድ። ኒውካስል፡ ካብ ዘካየደቶም ሓሙሽተ ዳሕረዎት ግጥማት ኣብ ክልተ ጥራይ እያ ተዓዊታ። ኣብ ማእከላይ ናይዚ ሰሙን ኣብ ግጥማት ካራባኦ ካፕ ንፋልሃም 2-ብ1 ብምርታዓ ግን ሞራላ መሊሳ ትርከብ። ኒውካስል፡ ዋላ'ኳ ሕማቕ እዋናት ትሕልፍ እንተሎ፡ ወሃንታ ግን ኣሰልጣኒኣ ኤዲ ሃው ንስራሕ ምስልጣን ናይ'ዛ ክለብ ዘጽቅዕ ኣሎም ይኣምኑ ብምህላዎም ሚዛና ሓልዩ ክትገዓዝ ዝሕግዛ'ዩ።

ኒውካስል፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ግጥም ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ብሰንኪ ማህረምቲ ከሰራ እንከሎያ ክትኣትዎ። ኣብ ግጥም ኣንጻር ፋልሃም ዝተሃርመ ሻለንቲኖ ሊቭራመንቶ ሓዊሱ፡ ዳን በርን ኪራን ትሪፐር፡ ኢሚል ክራፍ ሰቨን ቦትማን፡ ልዊስ ሃልን ዊልያም ኦሱላን ኣብዚ ግጥም ዘይሳተፉ ክኾኑ እንከለው፡ ህላወ ኒክ ፖፕን ጃማል ላሰለስን ድማ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ይርከብ።

ህሉው ምስሊ ቸልሲ

ቸልሲ፡ ዛጊት ጽዋእ ፕሪመር ሊግ ክዕትር ዝኽእል




ብሉጽ ቀመና እኳ ዘይሃለወት እንተኾነ ደሓን ብዝበሃል ብቕዓት ግን ካብ መራሕቲ እዚ ሊግ ዘላ ኣርሰናል፡ ብሸሞንተ ነጥቢ ድሒራ፡ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ኣብ ዘላትሉ ንኒውካስል ክትገጥማ'ያ። ቸልሲ፡ ድሕሪ ድኹም ብቕዓት ናብ ቅኑዕ መስመር ብምምላሳ ኣብ ዳሕረዎት ክልተ ግጥማት ክትዕወት ክኢላ'ያ። ኣብ ማእከላይ ሰሙን ኣንጻር ካርዲፍ ገጢማ 2-ብ1 ብምዕዋት ከኣ፡ ናብ ጸወታ ፍርቂ ፍጻመ ካራባኦ ካፕ ክትሰግር ክኢላ። እዚ ድማ ልክዕ ከም ናይ ኒውካስል ፍናና ዘበርኽ'ዩ። ይኹን እምበር፡ ከም ኮልዊል፡ ዳላፕ፡ ኢሱጉ፡ ላቬን እስቲቫኖን ዝኣመሰሉ ተጻወትታ ኣብዚ ናይ ሎሚ ግጥም ኣገልግሎቶም ኣይክትረኽቦምን'ያ።

ክልቲአን ጋንታታት ኣብ ኣፍሲ ወክፍ ዘካየድኦ ግጥም ሽቶ ዘመዝገባ እየን። ኒውካስል፡ ካብ ዘካየደቶም 19 ግጥማት ኣብ 18 ግጥማት እንተወሓደ ሓንቲ ሽቶ ዘመዝገበት ክትከውን እንከላ፡ ቸልሲ ድማ፡ ኣብ 23 ካብ 24 ግጥማት ሽቶ ኣመዝጊባ ኣላ። እዚ ናይ ሎሚ ግጥም ከኣ፡ ብዙሓት ሽቶ ክረኣዮ ትጽቢት ይግበረሉ።

'ስፖርትሞል' ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ፡ እዚ ናይ ሎሚ ግጥም 2-ብ2 ክዛዘም ምኻኑ ግምቱ ሂቡ ይርከብ። ንስኻትኩም'ከ?

### መደብ ጸወታ

#### ሎሚ ቀዳም

**ፕሪመር ሊግ**

| | |
|---|---|
| ኒውካስል-ቸልሲ | 3፡30 ድ.ቐ |
| ዎልቭስ-ብረትፎርድ | 6፡00 ድ.ቐ |
| ማንሲቲ-ዌስትሃም | 6፡00 ድ.ቐ |
| ብራይተን-ሳንደርላንድ | 6፡00 ድ.ቐ |
| ቦርንማውዝ-በርንለይ | 6፡00 ድ.ቐ |
| ቶተንሃም-ሊቨርፑል | 8፡30 ድ.ቐ |
| ኤቨርተን- ኣርሰናል | 11፡00 ድ.ቐ |
| ሊድስ-ክሪስታል ፓላስ | 11፡00 ድ.ቐ |

**ላ ሊጋ**

| | |
|---|---|
| ርያል ማድሪድ-ሰቪላ | 11፡00 ድ.ቐ |

**ሰሪ ኣ**

| | |
|---|---|
| ጁቬንቱስ-ሮማ | 10፡45 ድ.ቐ |

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሩስያ፡ ሓድሽ ሚሳይል ናብ ዕጥቃ ትጽንብር

ፌደረሽን ሩስያ፡ ‘ኦረሽኒክ’ ብዝብል ስም ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ዘማዕበለቶ ሓድሽ ናይ ማእከላይ ርሕቀት ባለስቲክ ሚሳይል፡ እዛ ዓመት እዚኣ ቅድሚ ምዝዛማ ናብ መሳርዕ ሰራዊት ናይ’ታ ሃገር ክኣቱ ምዃኑ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ኣብዚ ሰሙንዚ ንሚኒስትሪ ምክልኻል ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ እቲ ሓድሽ ሚሳይል፡ ሩስያ ኣብዚ ዝቕጽል ዓሰርተታት ዓመት ግዳማዊ ስግኣታታ ንኽትምክትን ወተሃደራዊ ሓይላ ኣብ ዓለም ንኽተርኢ ክሕግዛ ምዃኑ ኣረዲኡ።



ሩስያ፡ ኑቲ ኑክሌሳዊ ቦምባታት ክጾውር ከም ዝኽእል ዝጠቕሰቶ ሚሳይል፡ ኣብ ሕዳር 2024 ኣብ ልዕሊ ዒላማታት ዩክሬን ፈቲናቶ ከም ዝነበረትን ኣዝዩ ዕዉት ኮይኑ ከም ዝረኸበቶን ትገልጽ።

ፕረዚደንት ፑቲን ብዘይካዚ፡ ሩስያ ‘ቡረቨስትኒክ’ ዝተሰምየ ካልእ ሓድሽ ክሩዝ ሚሳይልን፡ ‘ፖሰይዶን’ ዝተባህለ ብትሕቲ ማይ ዝሕምብብ ድሮንን እውን ኣማዕቢላ ከም ዘላ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣፍሊጡ። እቲ ገደብ ኣልቦ ርሕቀት ከም ዝጎዓዝ ዝጠቐሶ ክሩዝ ሚሳይል ይኹን እቲ ናይ ባሕሪ ድሮን፡ ብዝተዓቐቐ ኑክሌሳዊ መጎጣጠፊ ጸዓት ተሓጊዙ ከም ዘውንጨፍ ሓቢሩ።

ብመሰረት ወማዕውያን ወተሃደራውያን ጸብጻባት ሩስያ፡ ሚሳይል ኦረሽኒክ ኣብ ካልኢት 3.4 ኪሎ ሜትር እናተሓምበበ ክሳብ 5,500 ኪሎ ሜትር ተጓዒዙ ዒላማኡ ናይ ምውቃዕ ዓቕሚ ክህልዎ እንከሎ፡ ክሩዝ ሚሳይል ቡረቨስትኒክ ድማ ኣብ ውሽጢ 15 ሰዓታት ክሳብ 14,000 ኪሎ ሜትር ክውንጨፍ ከም ዝኽእል፡ ኣብ ዝተኻየደሉ ፈተነ ከረጋግጽ ክኢሉ እዩ።

## ሕብረት ኤውሮጳ፡ 105 ቢልዮን ዶላር ንዩክሬን ክለቅሕ ተሰማሚዑ

መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ፡ እቲ ሕብረት ንዩክሬን ካብ ወለድ ናጻ ዝኾነ 105 ቢልዮን ዶላር (90 ቢልዮን ዩሮ) ክለቅሓ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሑ ተሓቢሩ።



እቲ ተፈቓዲ ዝኾነ መጠን ልቓሕ፡ ዩክሬን ኣብ ዝቕጽል ክልተ ዓመታት ዝድልያ ወተሃደራውን ቁጠባውን ሓገዝ ክሸፍን ምዃኑ፡ ፕረዚደንት ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ኣንቶንዮ ኮስታ ኣፍሊጡ።

እቶም መራሕቲ ትማሊ ዓርቢ ንምሸት ኣብዚ ስምምዕዚ ክበጽሑ ዝኸኣሉ፡ ኣብ ብራሰልስ - በልጅዩም ን16 ሰዓታት ድሕሪ ዘካየድዎ ጽዑቕ ኣኼባ እዩ።

ንሳቶም፡ ኣብ ፊናንሲያውያን ትካላት እቲ ሕብረት ንዝርከብ ዝዕቆረ ሃብቲ ሩስያ፡ ተራሰዩ ኣብ መተዩዲ ኩናትን ዳግመ ህንጻትን ዩክሬን ክውዕል ኣብ ዝጠልብ እማመ ክሰማምዑ ብዘይ ምኽኣሎም እዮም ኣማራጺ ዚ ናይ ልቓሕ እማመ ክኸትምሉ ክኢሎም።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ ኑቲ ዳስከሉ ዘሎ 246 ቢልዮን ዶላር ዝትመን ሃብቲ ሩስያ ራስዮም ንዩክሬን ክህብዋ ተደጋጋሚ ጻውዒት ክቕርብ ምጽናሑ ይፍለጥ።

እንተኾነ፡ ከም ሃንጋሪ፡ በልጅዩም፡ ኢጣልያ፡ ማልታ፡ ቸክ ሪፓብሊክን ቡልጋርያን ዝኣመሰሉ ኣባላት ናይ’ቲ ሕብረት ዝኾና ሃገራት፡ ንዝዳስከለ ሃብቲ ሩስያ ምስእ ብምስእ ሪሲኽ ናብ ዩክሬን ኣሕሊፍካ ምሃብ፡ ካብ ረብሓታቱ መዘዙ ክዝይድ ከም ዝኽእል ብምግላጽ፡ ኑቲ እማመ ከም ዝጸግኡ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ዩክሬን፡ ካብ ሩስያ ንዝገጥማ ዘሎ ጸዕጹዕ ኩናት ክትምክትን ቁጠባኣ ካብ ውድቀት ክተድሕንን እንተ ድኣ ኮይና፡ ኣብዘን ዝቕጽላ ክልተ ዓመታት፡ ኣብ ልዕሊ’ቲ 105 ቢልዮን ዶላር ልቓሕ ተወሳኺ 135 ቢልዮን ዩሮ ከም ዘድልያ፡ ጸብጻባት ናይ’ቲ ሕብረት የመልክቱ።

## ቻይና፡ ወሊድ ንምትብባዕ ኣብ ልዕሊ መከላኸሊ ጥንሲ ቀረጽ ተንብር

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ኑቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናንቆልቆለ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ወሊድ ኣብ ስድራቤታት ንምቕልባስ ብዝብል ምኽንያት፡ ኣብ ልዕሊ ኮንዶምን ካልኦት መከላኸሊ ጥንስን ናይ 13 ሚእታዊት ሓድሽ ቀረጽ ወሲና።

ኮንዶም፡ ጥንሲ ዝከላኸሉ መድሃኒታትን ካልኦት ፍርያትን ብዘይ ቀረጽ ናብ ቻይና ዝኣትወሉ ግዜ ኣብቂዑ ምህላዉ ዝሓበሩ ሰብ መዚ ጥዕና ናይ’ታ ሃገር፡ እቲ ተወሲኑ ዘሎ ሓድሽ ቀረጽ ካብ ዝመጽእ ዓመት ጥሪ 2026 ጀሚሩ ተግባራዊ ክኸውን ምዃኑ ሓቢሮም።

ቻይና ድሕሪ ዓሰርተታት ዓመታት ዚ ሓድሽ ስጉምቲ ትወስድ ዘላ፡ ኣብታ ሃገር ኣብ 2024 ዝተወልዱ 9.5 ሚልዮን ዕሸላት፡ ካብ’ቶም ኣብ 2019 ዝተወልዱ 14.7 ሚልዮን ዕሸላት ብኣሲታት ሓደ ሰሶ ዝውሓዱ ኮይኖም ድሕሪ ምርካቦም እዩ።

ኣብ ቻይና፡ መጠን ሞት ልዕሊ መጠን ወሊድ እናኾነ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ እታ ቅልጡፍ ዕብየት ብዝሒ ህዝቢ ተመዝጊቡ ዘላ ህንዲ፡ ኣብ 2023 ንቻይና በሊጻ ብደረጃ ዓለም ቀዳመይቲ ክትከውን ከም ዝኸኣለት ኣይርሳዕን።

ገለ ቻይናውያን ክኢላታት ማሕበራዊ መራኸቢታት ግን፡ ኣብታ ሃገር ቁልዓ ንምዕባይ ዘድልየካ ወጻኢታት ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ብመንግስቲ ኣብ ልዕሊ እትዋት ኮንዶምን ካልኦት መከላኸሊ ጥንስን ተወሲኑ ዘሎ ሓድሽ ቀረጽ፡ ኑቲ ዘሎ ኣሰካፊ መጠን ወሊድ ናይ ምቕልባስ ተኽእሎኡ ትሑት ክኸውን ከም ዝኽእል ይሕብሩ ኣለው።

መንግስቲ ቻይና፡ ኑቲ ብልዑል ናህሪ እናዓበየ ዝኸይድ ዝነበረ መጠን ወሊድ ንምንካይ ክብል፡ ካብ 1980 ክሳብ 2015 ‘ፖሊሲ ሓደ ቁልዓ’ (ኩለን ስድራቤታት ናይታ ሃገር ሓሓደ ቁልዓ ጥራሕ ክወልዳ ዘገድድ ሕጊ) ክኽተል ምጽንሑ ይፍለጥ።



## ፈረንሳ - ንሓያለ ተሓከምቲ መሪዙ ዝቐተለ ሓኪም ንሕልፈት ይእሰር

ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ፈረንሳ፡ ሓደ ን12 ሕሙማቱ መሪዙ ብምቕታል ዝተኸሰሰ ሓኪም (ዶክተር)፡ ንሕልፈት ክእሰር ከም እተፈረደ ማዕከናት ዜና ናይ’ታ ሃገር ሓቢረን።

እቲ ፍረደሪክ ፐቼር ዝተባህለን ‘ናይ ሞት ዶክተር’ ብዝብል ቅጽል ስም ዝፍለጥን ክኢላ መደንዝዝ (ኣደንዛዚ)፡ ብጠቕላላ ን30 ሕሙማት መሪዙ ክቕትሎም ፈቲኑ ከም ዝነበረ’ዩ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ተኣሚኑ።

በዚ ከኣ፡ በቲ ዝቐረበሉ ክሲ ምሉእ ብምሉእ ገበነኛ ኮይኑ ስለ ዝተረኸበ፡ ብውሕዱ ን22 ዓመት ብጽኑዕ ክእሰር ተፈሪዱዎ ኣሎ።

እቲ ወዲ 53 ዓመት ብዋዕል ሞያ ጥዕና፡ ኑቲ ‘ኦረሚኖዊ’ ተባሂሉ ዝግለጽ ዘሎ ናይ ምሪዝን ቅትለትን ተግባራት፡ ካብ 2008 ክሳብ 2017 ኣብ ዝነበረ እዋን’ዩ ኣብ ክልተ ክሊኒካት ፈጺሙዎ - ብመሰረት እተን ማዕከናት ዜና።

ንሱ ንቤት ፍርዲ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ኑቶም ክቕትሎም ዝሓጸየም ሕሙማት መደንዝዚ ከውግኦም እንከሎ፡ ወቓዒ ልቢ ወይ ብርቱዕ መድመይቲ ዘስዕብ ሓደገኛ ከሚካላት ምስቲ መደንዝዚ ሓዊሱ ይህቦም ከም ዝነበረ ተኣሚኑ።

ብመሰረት ፖሊስ ፈረንሳ፡ እቲ ዝኣሰ ግዳይ ናይቲ ኦረሚናዊ ተግባር ወዲ 4 ዓመት ህጻን ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝዓበየ ድማ ወዲ 89 ዓመት ሽማግለ እዩ።



ኣብ ፈረንሳ፡ ኣብ ፈለማ እዚ ዓመት’ውን ሓደ ጆወል ለ ስኮርኣክ ዝተባህለ ወዲ 74 ዓመት ዝተኸበረ ክኢላ መጥባሕቲ፡ ኣብ ልዕሊ 299 ተሓከምቲ ጾታዊ ዓመጽን ጾታዊ ምትንኻፍን ከም ዝፈጸመ ድሕሪ ምእማኑ፡ ኣብ ህዝቢ ናይ’ታ ሃገር ከቢድ ስንባደ ፈጢሩ ምንባሩ ይዝከር።

## ህንድን ዖማንን ንግዳዊ ሽርክነተን ዘሐይል ስምምዕ ከቲመን

ህንዲ፡ ምስ ዖማን ንግዳዊ ስምምዕ ናጻ ቀረጽ ከም ዝኸተመት ተሓቢሩ።

እቲ ተኸቲሙ ዘሎ ንግዳዊ ስምምዕ፡ ህንዲ ብዘይ ዝኾነ ቀረጽ ናብታ ወሽመጥ ዓረባዊት ሃገር ንግዳዊ ፍርያት ክትሰድድ ዘኽእላ ምዃኑ ተገሊጹ ኣሎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ ኣብቲ ኣብ ከተማ ማስካት ዝተኻየደ ዋዕላ ንግዲ ህንድን ዖማንን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝኸይድ ታሪኻዊ ወሳኒ ምዃኑ ኣረዲኡ።

እቲ ስምምዕ ን98% ናይ’ቲ ህንዲ ናብ ዖማን እተካይዶ ሰደድ ክሸፍን ትጸቢት ከም ዘሎ ከኣ ምስቲ ዛዕባ ቀርበት ዘለዎም ወኸልት ይሕብሩ።

ህንዲ’ውን ብወገና፡ ካብ ዖማን ናብ ዕዳጋታታ ኣብ እተእትዎ ተምሪ እምነ በረድን ፐትሮኬሚካዊ ፍርያትን ምጉዳል ናይ ቀረጽ ክተካይድ ምዃና ተፈሊጡ ኣሎ።

ካብ 2024 ክሳብ እዛ ንዅሕዋ ዘላና ዓመት 2025፡ ክልተኣዊ ንግዳዊ ሽርክት ህንድን ዖማንን 10.5 ቢልዮን ዶላር ምብጽሑ ጸብጻባት የመልክቱ።

ህንዲ፡ ካብ 2021 ክሳብ 2025፡ ምስ ማውሪሸስ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ኣውስትራልያ፡ ማሕበር ነጻ ንግዲ ኤውሮጳን ብሪጣንያን ብርክት ዝበሉ ንግዳዊ ስምምዓት ከም ዝኸተመት ምንጭታት ይሕብሩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ተስፋ | 20/12/2025 | ጎደና ዓሊ-ቴና መረብ 716 ቁ.14፡ ቀሓውታ | 186839 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services